
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.204 ቀዳም 26 ሚያዝያ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
እቲ ብቑዕ፡ ቀጻልነቱ የረጋግጽ



ገጽ 4
ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት

ገጽ 5
ዓውደ-ዘተ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ



ገጽ 11
ሱፐር ዲቪዥን - ኢ/ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ይቕጽል




## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣቃኒዑ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግዚ ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ "ምድንፋዕ ሕርሻዊ ዋኒን ዝለዓለ ስርዓተ መግቢ" ብዝብል ቴማ፡ ብ24 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃብቶም፡ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት ኣቃኒዑ።

ኣቦ-ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፡ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ፡ ክኢላታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን፡ ከምኡ'ውን ኣፍረይቲ መግቢን ሓረስቶትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየ፡ ምርግጋጽ ውሕስነት መኣዝዊ መግቢ፡ እምዚኩርናዕ ዝለዓለ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ምኻኑ ጠቒሱ፡ እቲ ዋዕላ - ኣሳታፊ፡ ዝለዓለን ተጻዋርን ስርዓተ ሕርሻ፡ ከምኡ'ውን ወሀድ ህዝብውን ብሕታውን ወፍሪ ንምምዕባል ዝሀልዎ ተራ





ዓቢ ምኻኑ ገሊጹ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ብወገና፡ ሹቶታት ዝለዓለ ምዕባለ ንምዕዋት ብምትሕብባር መንግስቲ ኤርትራን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ንዝተዋደደ ዘሎ ሓባራዊ ዕዮ ድሕሪ ምምስጋን፡ ኣብ ሕርሻ ብሓፈሻ ስርዓተ መግቢ ገጠራዊ ልምዓትን ደማ ብቐንዱ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝወሰደ ተበግሶታት፡ ኣብ ሰብኣውነት ዝምበር ወፍሪ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ዝኒ ዕማዚ ንምትግባር፡ ሕቡራት ሃገራት ብወሱን ዓቕሚ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዘሎዎ ጸምዶታት ከሐይል ምኻኑ ኣረጋጊጹ።

ሓላፊ ማእከል ወፍሪ ኤርትራ ዶ/ር ወልደዳይ ፍጡር፡ እቶትን እቶታውነትን ሕርሻ ንምዕባይ፡ ምምዕባል ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ዚ ንምትብባዕ ምስ መሬት፡ ፋይናንስ፡ ናውቲ፡ ዓያዪ ጉልበት፡ ኣገባብ ኣሰራርሓን ስርዓተ ሓበሬታን ዝተሓሓዙ ጉዳያት ብኣተኩሮ ክስራሓሉ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

ምሉእ ትሕዝትኡ ኣብ ገጽ 4 ቀሪቡ ኣሎ።

## ናቕፋ - ኮር/ጥሪትን ዘራእትን፡ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ይህብ

ትራክተራት ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ - ምምሕዳራት ከበቢ ባቅላ ላባ፡ እንድላል፡ ማገራት፡ ኣበሎ፡ ኣግራዕላዓልን ኣግራዕታላትን ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ይህባ ኣለዋ።

ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኺ-ኺ'ቲ ብመልክዕ ወፈራ ዘኪይድዎ ዘለዉ ምድላዋት፡ ብኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ንሓደ ሰዓት ብሕሳብ 185 ናቕፋ ዝተዋፈራ ትራክተራት፡ ከራማት ቅድሚ ምእታዉ ግራውቶም ብዮበእ ንኸይላይድሉን ክሓርሱን ዓቢ ሓገዝ ከምዘበርኩትሎም ኣረዲኦም።

ፍግረ-መሬት ንምክልኻልን እቶታውነት ንምድንፋዕን ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከሰላስሉ ምጽንሖም ዝሓበሩ'ቶም ሓረስቶት፡ ምስዚ ረኺቦሞ ዘለዉ ኣገልግሎት ማሕረስ፡ ጽቡቕ ምህርቲ ንምሕፋስ ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

እቲ መደብ ብምትሕብባር ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ምምሕዳር ናይ'ቲ ንኡስ ዞባን ይዕመም ምህላዉ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ ብወገኑ፡ ልዕሊ ኣርባዕተ ሽሕ ሄክታር ንምሕራስ ይሰራሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

## ደቀምሓረ- ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ዓና ሓርነት፡ ብ17 ሚያዝያ ተሸሊሞም።

እቶም መዳልያን ሰርቲፊኬትን ዝተሸለሙ 15 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 28 ተመሃሮ፡ 3ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዘመዝገቡ'ዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 90ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዘምጽኡ 11 ተመሃሮ ኣቦ-ቲ ኢጋጣሚ ከምእተሸለሙ፡ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ዓና ሓርነት መምህር ኣስመሮም ታደሰ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ጻዕሪ መምህራኖምን ወለዶምን ዝሰመሩ ተመሃሮ ድሕሪ ምምጓስ፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም ሰናይ ምኞት ገሊጹሎም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሀብተዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ ንበሉጻት ናይ ምሽላም መደብ ጽልዋኡ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ትምህርቶም ብዝበለጸ ክዛዘሙ ሓደራ ኢሉ።

## ሰንዓፈ - ኣብ ምምዕባል ስፖርት ዝዘተየ ርክብ ተኻዩዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ብዝሳተፉ ከም ንምሕያልን ብቑዓት ስፖርታውያን ንምፍራይን ዘተኮረ ርክብ፡ ብ23 ሚያዝያ ተኻዩዱ።

ኣቦ-ቲ ወከልቲ ኣካላት ስፖርትን ህዝብን



ዝተረኽቡሉ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብሰንኪ ጉድለት ምሕደራ፣ ሕጽረት ባጀትን መሳለጥያን፣ ከምኡ'ውን ዘይምህላው ብቑዕ ትሕተ-ቅርጺን ትሑት ኣቓልቦ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብ ሃገራዊ ቦላት ተደራቲ ከምዘይጸንሐ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ዓቕሚ መንእሰያት ኣብ ስፖርት ከምዘይተመዝመዘ ተገሊጹ።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ባህልን ስፖርትን ኣቦ-ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣብብከር



ሰኣሊ. መሓመድ ኣይፍራሕ

ዓብደላ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ስፖርት ኣእምሮኣውን ኣካላውን ኩነት ዜጋታት ኣጣሚሩ ዘሃንጽን ዘዘናጒ ከምኡ'ውን ፍቕርን ሓድነትን ከብቁሱ ኣፍራይነት ዘለዎ ኣገዳሲ ዓውዲ ስለዝኾነ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምሕያል፡ ናይ ኩሉን ኣካላት ተገዳስነት፣ ብዋናኡ ድማ ኣበርክቶ ህዝቢ ንምድንፋዕ ብዝለዓለ ክስራሕ ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሹኩር ብወገኑ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝምዕብል፡ ውዳበ፡ ብቑዕ ኣመራርሓ፡ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ስፖርታዊ ትሕተ-ቅርጺን ፋይናንሳዊ ምንጪን ምስ ዝድንፍዕ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ኣቦ-ቲ ንኡስ ዞባ ዘሎ ብደሆታት መድረኽ ብመድረኽ ንምፍታሕ፡ ኩሉ መሰረት ዝበረ ጻዕርን ኣበርክቶን ከምዘድሊ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ልዑል ተወፋይነትን ተገዳስነትን ስለዝሓትት፡ ተጀሚሩ ዘሎ ምንቅስቓስ ብዝለዓለ ክቕጽል ኣዘኻኺሮም።

ኣቦ-ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ሃገረ እስራኤል ዝነብሩ ዜጋታት፡ ንምዕባለ ንጥፈታት ስፖርት ንምሕያል ዝለኣኽዎ ናውቲ ንዝምልከቶም ከምእተረከበ፡ ወከል ኤሪና ገሊጹ።

**ዜና**

# ጎልጅ - ተራ ኮሚቲ ወለዲ ኣብ ምሕያል ትምህርቲ ተመጒሱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኺ-ኺ'ቲ ብቐዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ፡ ብደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝቖሙ ኮሚቲታት ወለዲ ኣብ ምምላእ ሕጽረታት ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለዉ ተገሊጹ።

መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብሓፈሻ፡ ወጽኢት ተመሃሮን ብቕዓት ትምህርትን ድማ ብፍላይ ንምምዕባል ኣብ ዝተገብረ ርክብ፡ ርእሰ-መምህር ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጀበል ሓምድ መምህር ረዘከ ሓጎስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዘጋጥም ሕጽረታት ንምምላእ ኣብ ዝወሰድ ኮማዊ ተበግሶ፡ ተራ ኮሚቲ ወለዲ ዕዙዝ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ወለዲ ኣቶ ጋዕሽም ተስፋማርያም ብወገኑ፡ ሕጽረት ማእከል ኮምፒዩተር ንምቅላል ህዝቢ ብምውዳብ ብዝተወሰደ ተበግሶ፡ 430 ሽሕ ናቕፋ ወጺኡ ዝተገበረሉ ምንጪ ጸሓያዊ ጸዓትን ኮምፒዩተራትን ዘጠቓልል መሳርሒታት ከምዝተዋደደ ሓቢሩ።

ኣቦ'ቲ ኤጋጣሚ፡ ህንጻት መኣከቢ ኣዳራሽ፡ ጽገና ቀጽርን ዕደጊ ተወሰኽቲ ኮምፒዩተራትን፡ ብተመሳሳሊ ኮማዊ ኣበርክቶ ክትግበሩ ተታሒዞም ዘለዉ መደባት ምዃኖም ተገሊጹ።

# ማእከል - ዓለማዊ መዓልቲ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ፡ ብደረጃ ዞባ ተዘኪራ

25 ሚያዝያ - ዓለማዊ መዓልቲ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ፡ "ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ፡ ኮማዊ ሻዕርታትና ነሐይል" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ እምባደርሆ - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ተዘኪሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል፡ ኣብ ምርግጋጽ ጽሬት ከቡዘን ምድፋን መራብሒ ቦታታትን ዘተኮረ ወፈራታት ጽሬት ብዝሰፍሐ ክቕጽል ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ኣቶ ሃብተ ጉብረመስቀል ብወገኑ፡ ኣብ 2023 ብደረጃ ዓለም መጠን መልከፍቲ 263 ሚልዮን፡ መጠን ሞት ድማ 597 ሽሕ ከምዝበጽሐ ብምጥቃስ፡ እቲ ዝበዝሐ ሞት ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ኣብ ዝርከባ ሃገራት ዘጋጠመ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ኣቶ ክብርኣብ ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ሕማም ዓሶ ካብ 2016 ክሳብ 2030 ንምጥፋእ ብደረጃ ዓለም ዝወጸ ውጥን ንምዕዋት፡ ኣብ ሃገርና ዕቱብ ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2024 ዝተዓደለ ኣሰታት 19 ሽሕ ናመሲያታት ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ዓለማዊ መዓልቲ ዓሶ ሎሚ ዓመት ብደረጃ ዓለምን ሃገርናን ንመበል 18 ግዜ'ያ ተዘኪራ።



ሰኣሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# ድባሩዋ - ኣብ ምም/ ከባቢ ክሳድ-ዳዕሮ ዝጸንሐ ሕጸረት ዝስተ ማይ ተፈቲሑ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ክሳድ-ዳዕሮ - ንኡስ ዞባ ደባርዋ፡ ዝተዋደደሎም ምንጪ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ዝጸንሐ ሕጽረት ማይ ኣብ ርእሲ ምፍትሑ፡ ኣብ ምሕላው ጥዕናኦም ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘበርከ ገሊጾም።

እቲ 1.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝወድአ ፕሮጀክት፡ 125 በርሚል ዝሕዝ ባኞ፡ 3 መዕደሊ ነቑጣታት፡ ዝተሃደመት ዒላን ናውቲ ጸሓያዊ ጸዓትን የጠቓልል።

ኣደታት ክሳድ-ዳዕሮ ብወገኖም እቲ ፕሮጀክት ቅድሚ ምውዳኡ ከቢድ ጾርን ሃልክን ከምዝበረን ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግና ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ብቐረባ ምውሓሱ፡ መስተርሆት ከምዝፈጠረለን ሓቢረን።

ምምሕዳር ከባቢ ክሳድ ዳዕሮ፡ ንላቒን፡ ዓዲ ሕዝባይ፡ ዓዲ ባና፡ ዓዲ ቅያኖን ዓዲ ሸማሙንትን እተጠርንፍ ኮይና፡ ካብ ከተማ ደባርዋ ንሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ 24 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ከረን - ኣብ ክብሪ ስራሕን ኣፍራይነትን ዘተኮረ ሰሚናር ተኻዪዱ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ብጨንፈር ሃብቲ ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ፡ ኣብ ክብሪ ስራሕን ተርእዩ ኣብ ኣፍራይነትን ዘተኮረ ሰሚናር፡ ብ23 ሚያዝያ ንሰራሕተኛታት ፋብሪካ መደቃሲት ኣዚል ተኻዪዱ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ መምህር እስማዒል መሓመድኑር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ክእለት፡ ፍልጠት፡ ደስፕሊን፡ ህርኩትነትን እወታዊ ኣረኣእያን ዝዓጠቐ ሰራሕተኛ፡ ምቹእ ናይ ስራሕ ሃዋህው ምስ ዝፍጠረሉ ኣፍራይነቱ ክዓቢ ግድን ምዃኑ፡ ከም ውጽኢቱ ኣብ መቡብሮ ሰራሕተኛታት ምምሕያሽ ከምዝመጽእ ገሊጹ።

ኣበርክቶ ሰራሕተኛታት ኣብ ምስፋን ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ንኽፍጸብ፡ ዘመናዊ ክእለትን ቴክኖሎጂን ክመልኩ፡ ብንቡብ ስልጠናን ትምህርትን ነፍሶም ከማዕብሉ፡ ከምኡ'ውን ግቡእ ምሕደራ ግዜ ክህልዎም ተማሕጺኑ።

ኣቶ እስማዒል ኣሰዒቡ፡ ዘይሕጋዊ ስራሓት፡ ከምኡ'ውን ግናያት ወልፍታትን ኣሉታዊ ጽልዋ ማዘናን ገለ ካብ'ቶም ንባህሊ ዓያይነት ዘዳኽሙ ስለዝኾኑ፡ ሰራሕተኛታት ኽዚ ተገንዚቦም ኣፍረይቲ ክኾኑ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ኣቶ ኣቶብርሃን ጉብራት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሞያን ኣፍራይነትን ብትምህርትን ጻዕርን ስለዝምዕብል፡ ሰራሕተኛታት ባህሊ ዓያይነት ከዕብዩ ተላብዮ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዓይነት ሰሚናራት ኣብ ስርሖም ሓጊዚ ስለዝኾኑ፡ ኣብ መጻኢ ብስሩዕ ክስራሓሉ ተማሕጺኖም።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247


ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሚ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## እቲ ብቑዕ፡ ቀጻልነቱ የረጋግጽ



ቻርለስ ዳርዊን ብ1859 መጽሓፍ ኣሕተመ። እቲ መጽሓፍ ምስቲ ሃይማኖታት ዝሰብኳሉ ኣፈጣጥራ ደቂ ሰብ ዘይሳነ ስለ ዝነበረ ዝዓበየ መካትዒ ኣርእስቲ ኰነ። ብመሰረት ቅዱስ መጽሓፍ፡ ሰብ ብምስሊ ፈጣሪ ከም ዝተፈጥረ'ዩ ዝፍለጥ። ዳርዊን ከኣ ሰብ ካብ ዘርኢ እንስሳታት ከም ዝፈለቐ (ከም ዝማዕበለ)'ዩ ዝገልጽ። ሰብን ወዓግን ብኣካል ይኹን ስነ ኣእምሮ፡ ሓያሎ ተመሳሳሊ ባህርያት ከም ዘሎዎም ብምግላጹ፡ ኣብ ብዙሕ ሰብ ንእሽቶ ማዕበል ፈጠረ።

እቲ ክትዓት እናዓበየ ምስ መጽአ፡ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ብ1860 መደብ ክትዕ ሰርዐ፣ ሰብዶ ወዓግ? ተመሃሮ ግልብጥ ኢሎም ኣብቲ መደብ ተረኽቡ። እቲ ኣዳራሽ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ሰብ ስለ ዝመልአ፡ ናብ ካልእ ዝገፍሐ ከም ዝግዕዙ ተገብረ። እቶም ቀንዲ ተኻታዕቲ ናብ መድረኽ ደዪቦም በቦታኦም ሓዙ። ንቻርለስ ዳርዊን ዝድግፉ ናይ ተፈጥሮኣዊ ስነ ፍልጠት ፕሮፌሰርን ናይ ስነ ኣትክልቲ ፕሮፌሰርን ክኾኑ እንከለው፡ ኣንጻሮም ከኣ ናይ ኦክስፎርድ ጳጳስ ነበረ። ካብ ተዓዘብቲ፡ እቶም ንጳጳስ ዝድግፉ ብሓደ ወገን ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ገለ ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ተመሃሮ ከኣ ናይ ዳርዊን ተደናገጽቲ ነበሩ። ፈለማ መግለጺታት'ዩ ተዋሂቡ። እቲ መብርሂታት ብዙሕ መሳጢ ኣይነበረን። ኣብቲ ናይ ክትዕ ክፍለ ግዜ ምስ በጽሐ ግን ኲሉ ነቕሐ። እቲ ጳጳስ ብዝርዝር መርትዖታቱ ሃበ። ዘረባኡ ክውድእ እንከሎ ናብ ሓደ ካብቶም መኻትዕቲ ግልጽ ብምባል፡ "ብኣደኻ ዲኻ ብኣቦኻ ካብ ወዓግ ተወሊድካ?" ምስ በለ እቲ ኣዳራሽ ብስሓቕ መልአ። እቲ ናይ ተፈጥሮኣዊ ስነ ፍልጠት መንእሰይ ፕሮፌሰር ተንሲኡ ብህድኣት ክዛረብ ጀመረ፤ "እዛ ሎሚ ዘላ ዓለም ካብታ ክትጅምር እንከላ ዝነበረት ኣዝያ ዝተፈልየት እያ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብ ቀጻሊ ምልዋጥ'ያ እትርከብ። እቶም ነበርታ ፍጡራት ከኣ ምስቲ ቀጻሊ ለውጢ ክነብሩ እንተ ኰይኖም ምስቲ ሓድሽ እናተመሳሰሉ ክኸዱ ኣሎዎም...፡" እናበለ ቀጸለ። እቲ ክትዕ ኣዝዩ ውዕውዕ ብምንባሩ ጣቕዒት'ውን እናሻዕ የንጉድጉድ ነበረ። ሓንቲ ጉርዞ፡ ኣብ መንጎ ልባ ጠሊሙዋ ተሰኪሞም ንደገ ኣውጽኡዋ። ካብ ተዓዘብቲ ስምዒቶም ፈንጺጉዎም ኣብ መንጎ ዝዛረቡ'ውን ነበሩ። ዳርዊን ተጸሊኡዎ ስለ ዝነበረ ኣብቲ መደብ ኣይተሳተፈን።

ቻርለስ ዳርዊን ኣብዚ ክልሰ ሓሳብ'ዚ ክበጽሕ ዝኸኣለ ካብ ምንታይ ምኳኑ ንምርዳእ፡ ዝሓለፎ መገዲ ከመይ ከም ዝነበረ ምፍላጥ የድልየና። እዚ ኣብ ካልኣይ ደረጃ 'ኢቮሉሽን' ኣብ ዝብል ኣርእስቲ እንመሃሮ ዳርዊን መን'ዩ፧

ብ1809 ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ዝተወልደ ዳርዊን፡ ኣደኡ ወዲ ሸሞንተ ዓመት እንከሎ'ያ መይታ። ኣቦኡ ዕዉት ሞያ ክህሉዎ'ዩ ዝደልዮ ዝነበረ። ዳርዊን ግን ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ነጥቢ የመዝግብ ኣይነበረን። እኳ ደኣ ምእካብ ኣእማንን ምቅማም ቀመማትን'ዩ ዝፈቱ ዝነበረ። ወዲ 16 ዓመት ምስ ኰነ፡ ሕክምና ንኽመሃር ናብ ዩኒቨርሲቲ ብኣቦኡ ተላእከ። ንሱ ግን ቃሕ ኣይበሎን። ኣብቲ መደንዝዝ ዘይነበረሉ እዋን፡ ደምን መብጣሕትን ክርኢ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ዩኒቨርሲቲ ክቕይር ግዜ ኣይወሰደን። ኣብኡ'ውን ኣይተፈተዎን። ምስ ኣዕሩኽቱ ኰይኑ ብሸክለታ ክዘውርን ክሃድንን'ዩ ዝውዕል ዝነበረ። ኣብዚ ምስ ኣትክልትን እንስሳታትን ክቀራረብ ከኣለ። ብ1831 ግን ብዲግሪ ተመረቐ።

ህይወቱ ንምቕያር፡ ምስ ሓንቲ መርከብ ናብ ብዙሕ ቦታታት ዓለም ንምብጻሕ ዑደት ገበረ። ኣብቲ መገሻኡ ንኣረኣእያ መበቈል ዘርእታት ኲሎም ህይወታውያን ከም ዝቕየር ገበሮ። ብ1832 ኣብ ሪዮ ዲ ጆነርዮ ብራዚል በጽሐ። ኣብቲ ሜካታት ምስ ከደ በቲ ዝተዓዘቦ ተመሰጠ። በቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ኣዝዮም ገዘፍትን ቆማታትን ኣግራብ፡ ለመምቲ እንስሳታት፡ ውቁባት ጽንብላሊዓትን ስሉማት ኣዕዋፍን ተሳሕበ። እቲ ንፋስ ብምውዛ ሽታ ኣግራብ ዝመልኣሉ ሃዋህው፡ ኣህባይን እንቍርርዖብን ድመጻን የስምዓ ነበራ። ዳርዊን ንጽባቐ እቲ ጫካ እናኣድነቐ እንከሎ፡ በቶም እንስሳታት ዝካየድ ቃልሲ ንምንባር ኣስተውዓለሉ። ሓንሳእ ኣብ መንጎ ፍርዝንቲ ሳሬትን ሓሰኻን ዝነበረ ናይ መን ቀተለ ቃልሲ ተዓዘበ። ጸኒሑ፡ ሸሾ ጻጸ ኣብ መገዶም ንዝጸንሖም ፍጥረት ከቢቦም ከዕንዉዎ እንከለዉ ብምርኣዩ ተደነቐ። ናብ ኣርጀንቲና ምስ ከደ ድማ ጠቕሊሎም ናይ ዝጸነቱ ዓሌት እንስሳታት ኣሰር ርኣየ። ገሊኦም ክጸንቱ እንከለው ገሊኦም ክቕጽሉ ዝኸኣሉ ካብ ምንታይ ምኳኑ ሕቶ መጽኦ።

ኲሉ ካልእ ድሌታቱ ሓዲጉ ከኣ ኣብቲ ልቡ ዝረኸቦ ሞያ ኣድሃበ። ኣብ መገሻኡ ዝሓደሮ ሕማም እናተጻወረ ድማ መጽናዕቱ ቀጸለ። እቲ "ኲሉ ህይወታዊ ብፍልቀት'ዩ መጺኡ፣ ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝማዕበለ'ዩ፡" ዝብል ክልሰ ሓሳቡ ቀልጢፉ ከየውጽኦ ግን ሰግአ። ከምኡ ብምባሉ ሊቃውንቲ ስነ ፍልጠት ከይስሕቁዎ፡ ንኣዕሩኽቱን ስድራኡን ድማ ሕማቕ ከይስምዖም ፈርሐ። እቲ ክፍጠር ዝኽእል ምጉት ዘየደቅስ ሓያሎ ለይትታት ከየስዕበሉ ተጠንቀቐ። ንሰባት ኣብ ክንዲ ዘሰንብዶም ከረድኦም ከም ዘሎዎ ድማ ኣመነ። ነታ መጽሓፍ ቅድሚ ምሕታሙ ክገብሮ ብዛዕባ ዝግብኦ ጥንቃቐታት እናሓሰበ እንከሎ ግን ኣልፈርድ ዋላስ ዝተባህለ ሊቅ፡ ምስ ናቱ ዝመሳሰል ሓሳብ ብደብዳበ ስለ ዝለኣኸሉ ቀልጢፉ ክሕትማ ተገደደ። ከምቲ ዝተጸበዮ'ውን ነቐፌታት ዘነቦ። ዳርዊን ግን ዕጉስን ጥንቁቕን'ዩ ዝነበረ።



እዚ ተመሃራይ እንከሎ ንጹር ዕላማ ዘይነበሮ ዳርዊን፡ ኣብቲ ዘካየዶ ጉዕዞ ዕላማ ህይወት ረኺቡ። ንልቡ ዝምስጦ ምስ ረኸበ ከኣ ውዳኡ ኣጥፊኡ ድርግም ክብሎ ግዜ ኣይወሰደን። ዳርዊን ከም ዝኾነ ሊቅ ስነ ፍልጠት ፍሉይ ስለ ዘኾነ ኣይኰነን፣ እንታይ ድኣ ነቲ ዝተዓዘቦ "ንምንታይ? ስለምንታይ?" ኢሉ ሓቲቱ ምላሽ ክረኽበሉ ስለ ዝጸዓረ'ዩ። ዳርዊን ከምቲ ኣብ ስርሑ ውፉይ ዝነበረ ኣብ ስድራኡ'ውን ሓላፍነታዊ'ዩ ዝነበረ።

ምንጪ፡ Giants of science

## ሓይሊ ኣእምሮ

ሙ ክዋንግ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ቀስቱን ፍላጻኡን ሒዙ ኣብ በረኻ ልምምድ ክገብር ድሕሪ ምውዓል፡ መሬት ዓይኒ ክሕዝ ክብል እንከሎ ናብ ዓዱ ይምለስ ነበረ። ኣብ ጥቓ ዓዲ ምስ በጽሐ፡ ዓቢ ነብሪ ንዕኡን ንፈረሱን ክጉብጦም ተዳሊዩ ርኣየ።

"እዚ ነብሪ ጠምዩ ስለ ዘሎ ክቐትለና እዩ። ዋላ እንተ ጉየኹ ደድሕረይ ክስዕበኒ እዩ። እታ ዘላትኒ ሓንቲ ኣማራጺት ቅድሚ ንሱ ምጥቃዑ ኣነ ብቀስተይን ፋላጻይን ገይረ ክቐትሎ ኣሎኒ፡" ኢሉ ሓሰበ። ብርኩ ዓጺፉ፡ ቀስቱ ወጢሩ፡ ዓይኑ ጸቒጡ፡ ፍላጻኡ ናብ ዕላማኡ ኣነጻጺሩ ወርወራ። ብድሕሪኡ ግልብጥ ኢሉ ፈረሱ ሰሪሩ ሃደመ። ገዛኡ'ውን በጽሐ። ደድሕሪኡ ዝስዕብ ድምጺ ነብሪ ስለ ዘይሰምዐ፡ እታ ዝወርወራ ፍላጻ ኣብቲ ነብሪ ተሸኺላ ቀቲላቶ ማለት'ያ ኢሉ ሓሰበ።

ንጽባሒቱ መሬት ምስ ወግሐ፡ ናብቲ ፋላጻኡ ዝወርወረሉ ቦታ ከደ። ግዳ ነብሪ ዘይኰነስ ነብሪ ዝመስል ዓቢ ከውሒ ኰይኑ ጸንሖ። ይኹን'ምበር፡ እታ ፍላጻኡ ኣብቲ ከውሒ ቀዲዳ ኣትያ ጸንሐት። ፈለማ እታ ፍላጻኡ ነቲ ተሪር ከውሒ ቀዲዳቶ ምርኣዩ ተገረመ። ኣእምሮኡ ከኣ ተዓበየ። ንሓይሉን ክእለት ውርወራ ፍላጻኡን ዝዳረግ ከም ዘየለ ኣመነ። እንደገና ቀስቱ ስሒቡ ፍላጻኡ ወርወረ - ናብቲ ከውሒ። ፍላጻኡ ኣብቲ ከውሒ ተራጺማ ተመልሰት።


ኣብቲ ዝሓለፈ ለይቲ፡ ካብቲ ዝሓየለ ክፋል ናይ ኣእምሮኡ'ዩ ፍላጻኡ ዝወርወረ። ኣብዚ ናይ ሞትን ሕየትን ህሞት፡ ፍላጻኡ ክንዲ ዝተረረ ይኹን ናብ ኣዕጽምቲ እቲ ነብሪ ክትኣቱ ነይሩዋ። ነታ ፍላጻ ናብ ከውሒ ክትኣቱ ዝገበራ ሓይሊ ናይ ኣእምሮ እዩ።

ሚካል ነጸርኣብ



## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH



MISUSED FORMS
THE USE OF A WRONG TENSE

Using "hisself" or "theirselves" instead of "himself" or them selves."

Don't say: They fell down and hurt theirselves.

Say: They fell down and hurt themselves.

The reflexive pronouns, third person, are "himself" and "themselves," and not "hisself" and "theirselves."

Using the relative pronoun "which" for persons.

Don't say: I have a brother which is at school.

Say: I have a brother who is at school.

"Which," as a relative pronoun, is to be used only for animals or things. The right pronoun to use for persons is "who (whose, whom)."

ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ 'COMMON MISTAKES IN ENGLISH'

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ኣብቲ ክገብሮ ዘሎኒ'የ ዘድህብ። ክገብሮ ዘሎኒ እፈልጥ እየ፣ ቻምፕዮን ምኳን። እሰርሓሉ ኸኣ ኣለኹ።"

- Usain Bolt

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ብርሃነ ዓንደመስቀል

# ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ኣብ ትሕቲ "ምድንፋዕ ሕርሻዊ ዋኒን ንዘላቒ ስርዓተ መግቢ" ዝብል ቴማ፡ ብ24 ሚያዝያ 2024፡ ኣብ ኣደራሽ ሃኮስኤ "ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ ዋኒን ኣብ እተመርጹ ፍርያት" ኣቃኒዑ ነይሩ። ኣብቲ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ መሻርኽቲ ልምዓት፡ ክኢላታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን፡ ኣፍረይቲ መግቢ፡ ሓረስቶትን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ተረኺቦም ነይሮም።



ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ኣብ መኽፈቲ እቲ ዋዕላ፡ ንሚኒስተር ሕርሻ ወኪሉ ቃል ዘስምዐ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና፡ ሕርሻ ኣብ ኤርትራ ዓንዲ ሕቖ መነባብሮ ሰፊሕ ክፋል ህዝብና ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ዋዕላ ብሓፈሻ፡ ዓለምለኻዊ ተበግሶ ንምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ድማ ብፍላይ፡ ከም እምነ-ኩርናዕ ንዘላቒ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ዘውሰድ ምዃኑ ጠቒሱ።

እዚ ተበግሶ ኣሳታፊ፡ ዘላቕን ተጻዋርን ስርዓተ ሕርሻ ከምኡ'ውን ውሁድ ህዝባውን ብሕታውን ወፍሪ ኣብ ምምዕባል ዘሎዎ ተራ ዓቢ ምዃኑ ኣስሚርሉ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ሚስ ናህላ ቫልጂ ብወገና፡ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዘሎ ሓባራዊ ዕዮ ንምዕዋት ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ብምምስጋን፡ እዚ መድረኽ ንዘተ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ጭቡጥ ሓበሬታ እተመርኮሰ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ንምሕያል ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢራ። ኣብ ሕርሻ፡ ስርዓተ መግብን ገጠራዊ ልምዓትን ዝግበር ሓባራዊ ተበግሶታት፡ ኣብ ሰብኣውነት ዝግበር ወፍሪ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነዚ ዕላማ ንምውቃዕ ድማ ሕቡራት ሃገራት ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዘሎዎ ጽምዶታት ከሐይል ምዃኑ ኣረጋጊጻ።



ሚስ ናህላ ቫልጂ

ሓላፊ ማእከል ወፍሪ ኤርትራ፡ ዶ/ር ወልዳይ ፍጡር ኣብ ዘስምዖ መልእኽቲ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ ናይ ልምዓት ስትራተጂ ከም ዝኽተል ብምግላጽ፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ድማ ኣብ



ዶ/ር ወልዳይ ፍጡር

ትምህርቲ፡ ጥዕናን ሕርሻን ልዑል ወፍሪ ከም ዝገበረ ገሊጹ። እቶትን እቶታውነትን ሕርሻ ንምዕባይ፡ ምምዕባል ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ ድማ ሕርሻዊ ዋኒንን ወፍርን ንምትብባዕ፡ ምስ መሬት፡ ፋይናንስ፡ ናውቲ፡ ዓያዪ ጉልበት፡ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ስርዓተ ሓበሬታ ዝተሓሓዙ ጉዳያት ብኣተኩሮ ክስርሓሎም ከም ዘድሊ ኣስሚርሉ።

ኣወሃሃዲት ውድብ መግብን ሕርሻን ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ሚስ ፋራዩ ዚሙድዚ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺባ፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን ብምትሕብባር ንዝለዓለ ዋኒንን ወፍርን ሕርሻዊ ፍርያት ኣለልዩ ምምራጹ መጕሳ። ንሳ ወሲኻ፡ እዚ ሓበራዊ ተበግሶ ኣብ ሰንሰለት ክብሪ ንዝርከቡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብምሕቋፍ፡ ምህርቲ ብዘዕብይን ብኸነት ብዘጉድልን ኣገባብ ምስ ዝትግበር፡ ዓብይ ውጽኢት ዘምጽእ ምዃኑ ሓቢራ። ኣብ መወዳእታ፡ ሚስ ፋራዩ፡ ሕርሻዊ ሰንሰለት ክብሪ ቁጠባዊ ኣገዳስነት ጥራይ ዘይኮነ ዘሎዎ፡ ቁጠባዊ ዕብየትን ማሕበራዊ ኩነታትን ዘደንፍዕ ከምኡ'ውን ዘላቒ ልምዓት ዘውሕስ ምዃኑ ኣስሚራትሉ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ኣገባብ ኣቀራርባ ልምዓት ንሕርሻዊ ዋኒንን ሰንሰለት ክብርን፡ ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ፡ ጸብጻብ ሓባራዊ ተበግሶ ኣብ ኤርትራ፡ ኣገባብ መስርሕ መጽናዕትን ዝተረኸበ ውጽኢትን፡ ተመኩሮ ሃገራት ዛምብያ፡ ዚምባብወ፡ ሳኦ-ቶም ፕሪንሲፐን ኣብ ዓለምለኻዊ ሓባራዊ ተበግሶ፡ ንወፍሪ ዝዓለመ መጽናዕቲ ሰንሰለታዊ ኽብርን ውጥንን ዋኒንን ኣብ ፍርያት ባናና፡ ድንሽ፡ በለስ፡ በርበረ፡ መዓር፡ ልምዓት ደርሆን እንቋቑሖን፡ ንኣሽቱ ዓሳታት (ኣንቾቪ) ዘተኰሩ ወርቓቕቲ ቀሪቦም።



ሚስ ፋራዩ ዚሙድዚ

ብተወሳኺ፡ "ምቅልጣፍ ሓቓፊ ቁጠባዊ ዕብየት፡ ብመገዲ ስትራተጅያዊ ወፍሪ ኣብ ጽላት ሕርሻ" ኣብ ዝብል መዛተዩ ዛዕባ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን፡ መሬትን ማይን ኣከባብን ከምኡ'ውን ወከልቲ ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራትን ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃን እተሳተፉዎ ሰፊሕ ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣብ መወዳእታ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም፡ ኣብ ዘስምዖ መዛዘሚ ቓል፡ ንዕላማ ናይዚ ዋዕላ ንምዕዋት ንዝጸዓቱ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን ብምትሕብባር፡ ኣብዞም እተመርጹ ሕርሻዊ ፍርያት ኣበጊሶዎ ዘሎ መደብ ብዝለዓለ ክደፍኣሉ ምዃኑ፡



ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም

ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ድማ ምትሕብባሮም ከዕዝዙ ተላብዩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብቶም ዝቐረቡ ሕርሻዊ ፍርያት ዘተኰረ ሕርሻዊ ምርኢት ብኣብነታውያን ሓረስቶትን ኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራን ቀሪቦም ነይሮም።

***





ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሪፓርታዥ

# ዓውደ-ዘተ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ

### “ፈጠራዊ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ”

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ “ፈጠራዊ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝቐንዐ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ብኣጋጣሚ መበል 34 በዓል ናጽነት ከአንግድ’ዩ። እዚ ውድድር መቐጸልታ ናይ’ቲ ሃማመተኤ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ከካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ኮይኑ፡ ቀጻልነት ዘለዎን ዘየቋርጽን ክኸውን ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ክሰረሓሉ’ዩ።

ሃማመተኤ ነቲ ዝካየድ ውድድር ኣመልኪቱ ኣቐዲሙ ንዘውጽኦ ንድፊ ኣገባብ ትግባረ ዝያዳ ኣድማዕን ውጽኢታውን ንምግባሩ ብ17 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን ናይ መነቓቕሒ ዓውደ ዘተ ኣካይዱ ነይሩ። ጽማቕ ይስዕብ፦

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ንረብሓታትን ባህግታትን ኤርትራውያን መንእሰያትን ተመሃሮን ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ብምውካል፡ ኣብ ኩሉ ንዕኦም ዘገድስ ጉዳያት ኩሉ ጎድናዊ ምዕባለ ንኸረጋግጹ ዘገልግሎም ናይ ገዛእ ርእሶም ማሕበር’ዩ።

ማሕበር ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየን እናሓየለን ዝመጽእ መንእሰያት በብዝንባሌኦምን ባህግታቶምን ናይ ምጥርናፍን ምውዳብን መስርሕ ምኽያድ’ዩ። እዚ ውዳበዚ መንእሰያት ኣብ ትምህርቲ፡ ስራሕ፡ ምህዞን ሰንዓን፡ ስነጥበብን ስፖርትን ካልእ ዘለዎም ክእለታትን ኣፍራይነቶም ዘማዕብልሉን ዕቑር ዓቕምታቶም ዘለለዩሉን ባይታ እውን’ዩ።

ካብቲ ብዙሕ መደባቱ ድማ ኣብ መንእሰያት ቅዱስ ቅንኢ ብዘሕድርን፡ ተበግሶታት ዘወስዱ መንእሰያት ንምትብባዕን፡ ትምህርታዊ፡ ስነጥበባዊ፡ ታሪኻዊ፡ ፈጠራዊ፡ ምህዞኣዊ፡ ሰንዓዊ፡ ወዘተ. ውድድራት ብምስራዕ ንመንእሰያት ከተባብዕ፡ ንዕዉታት ድማ ብምክትታል ጸለውቲ ኣብ ምግባሮም ክሰርሕ ጸኒሑ’ዩ።

ምህዞን ሰንዓን ብኣጋጣሚ ፈስቲቫላትን ቅነውዳበታትን ንምርኢት ዝቐርብ ስራሓት ካብ ምኽኣን ሓሊፉ፡ ብስሩዕን ብውጥንን ብዝተሓዝ መደብ ንምትግባሩ፡ ሃማመተኤ ሓላፍነት ተሰኪሙ ክሰርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ከም መቐጸልታ ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ ምህዞን ሰንዓን ከምኡ’ውን ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ፈስቲቫላትን ዝተገብረ ተመኩሮታት ከም መበገሲ ብምውሳድ ብደረጃ ሃገር ዝርጋሐን ውዳበን መሃዝትን ሰናዕትን ንምሕያልን ኣድማዕነት ፍርያቶም ንምርግጋጽን፡ ማእከል ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት ኣቚሙ ይርከብ። እቲ ማእከል ኣብ መሃዝትን ሰናዕትን መንእሰያት ኣብ ምዕባይ ኣድማዒ ግደ ንኸህልዎ ድማ ኣብ ማእከላይ ቦታን ዞባታትን ዓውደ-ዘተታት ብምውዳብ፡ ራእዩ፡ ተልእኾ፡ ክብርታት፡ ብቕዓት፡ ሸቶ፡ ዕላማታትን ቀንዲ ዕማማትን ብምንጻር



ስትራተጂያዊ ውጥን ሓንጺጹ ንስራሕ ተበጊሱ ይርከብ።

ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ካብ 17-18 ለካቲት 2023 “ፈጠራውነት መንእሰያት፡ መሰረት ምዕባለ!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ቀዳማይ ሃገራዊ ውድድርን ምርኢትን ምህዞን ሰንዓን ኣብ መደበር ተኻይዱ ነይሩ። ሎሚ ዓመት’ውን “ምህዞ መንእሰያት ንዝበረኸ ልምዓት’’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ 21-22 መጋቢት 2ይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁንየር ክለብ ነበር) ተኻይዱ።

ሓላፊት ክፍሊ ምክትታል ዞባታት ብጻይቲ ሄለን ኣሚነ ብዛዕባቲ ንትግባረ ዝበገሰ ዘሎ መደብ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳባት (Invention ideas) ኣመልኪታ ኣብ ዝሰምዓቶ ቃል፡ እዚ ውድድር መቐጸልታ ናይቲ ማሕበር ንመንእሰያትን ተመሃሮን ንምትብባዕ ዝገብሮ መደባት ኮይኑ፡ ቀንዲ ዕላምኡ ድማ መንእሰያት ኣብ ሂወቶም፡ ሂወት ሕብረተሰቦምን ዘሰርሕሉ ትካላትን ዘጋጥሙ ሕጽረታት፡ ሃጓፋት፡ ብድሆታትን ጸገማትን ኣለልዮም ብዝቐለለ መገዲ ፍታሕ ዝርከበሉ ሓሳባት ከማዕብሉን ክሰርሕሉን ንምትብባዕን ንምድራኽን ምኳኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንተሳተፍቲ ዓውደ-ዘተ ዝርዝር መካትዒ ሕቶታት ብምቕራብ፡ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ብኽፉት ዘትዮምን ውጽኢት ዘተኦም ኣቕሪቦምን።

ተዛተይቲ ኣብ ዝቐረበ መዛተዪ ወረቐትን ሕቶታትን ብዕምቈት ብምዝታይ ኣብ ዝቐረቡ መሐየሊ ሓሳባት፡ እቲ ውድድር ብደረጃታት ተኸፋፊሉ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ንኹሉ ክፉት ክኸውን፡ ዝቐርቡ ሓሳባት ማሕበረ-ቑጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፈትሹ፡ ዝፈትሑን ባህሊ መሃዝነትን ሰንዓን ብምዕባይ ንሃገራዊ መደባት ልምዓት ኣብ ምቅልጣፍ እጃም ዘለዎም ክኾኑን ብዕቱብ ክስረሓሉም፡ ምድግጋምን ምቕዳሕን ሓሳባት ንምውጋድ መነጻጸሪ ሃገራውን ዓለማውን ማዕከን ዳታ (database) ክዋደድ፡ ውጽኢት ፈጠራዊ ሓሳብ ናብ ተጨባጢ ዕዉት ፕሮጀክት ንኽሰጋገር ድማ መድረኽ ኣብ ምፍጣር፡ ኣብ ጎስጓስ፡ ምመያን ምምዕባል ማእከል መጫጭሕን ብዕቱብ ክስረሓሎም ኣብ ዝብሉን ካልኦትን ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።

እቲ ንውድድር ዝቐርብ ፈጠራዊ ሓሳብ ከማልኦም ዘለዎ መሰረታዊ ረቛሒታት፦

ኣብ ሃገርና መበቈላውነት (Originality) ዘለዎ ወይ ወሰኽ ክብሪ (Value Addition) ዝህብ፡ ንማሕበረ-ቑጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፍትሽን ብዝቐለለ መገዲ ዝፈትሕን፡ ናብ ዝጭበጥ ለውጥን ምምሕያሽን ዘመርሕ ወይ ዘአንፍት፡ ንኽትርድኦ ቀሊል፡ ዘይተሓላለኽን ክትበሃሃለሉ ዘየጸግምን ዝብሉን ካልኦትን’ዮም።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘሰምዖ መዛዘሚ ቃል፡ ብኣጋጣሚ መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ክፍልም ተመዲቡ ዘሎ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ መቐጸልታ ናይቲ ማሕበር ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ፡ መንእሰያት በብዝንባሌኦምን ባህግታቶምን ናይ ምጥርናፍ፡ ምውዳብን ምትብባዕን መስርሕ ምኳኑ ጠቒሱ፡ እቲ ውድድር መንእሰያት ፈጠራዊ ሓሳባት ዘዕኩኹሉ፡ ዘለዎም ፍሉይ ክእለታትን ኣፍራይነትን ዘማዕብልሉን ዕቑር ዓቕምታቶም ዘለልዩሉን ባይታ ክኸውን ዘለዎ እምነት ገሊጹ። እቲ መደብ ቀጻልነት ዘለዎን ዘየቋርጽን ኮይኑ፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናተመሓየሸን እናማዕበለን ከም ዝኸይድ ንምግባር፡ ኣካላት መንግስትን ግንባርን፡ ህዝባውያን ማሕበራት፡ ኣብያተ ትምህርትን ኮለጃትን፡ መላእ ሕብረተሰብ፡ ስድራቤታትን ካልኦትን በብሸነኾም፡ ፈጠራዊ ሓሳብን መሃዝነትን ንምስሳን ዝሕግዝ ባይታ ክፈጥሩ ጸዊዑ።

ኣብዚ ውድድር ክሳተፉ ዝደልዩ ግዱሳት፡ ቅጥዒ ቁ.1 ኣብ ዞባ ማእከል ካብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን (ጁንየር ክለብ)፡ ኣብ ዞባታት ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ዞባ ብምውሳድ ንፋልማይ ውድድር ክሳዕ 10 ግንቦት 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ መሊኦም ክሰዱ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።







# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጸገወይኒ ተስፋይ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ክፍሉ ጉብሩ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ 23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ት ምልእተ ጸጋይ ኣኽለሉ፡ ኣደይ ሂወት ጉብረኣብ ተወልደ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ህልውቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣልጋሽ ዓንደ ኪዳ፡ ብዓል ቤተይ ዘሙይ ዓንደማስቀል ባይሩ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልናም ስለ ዝበለት፣ 19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣስቴር ይብቢ እምባዩ፡ ኣደይ ሮማ ለምለም ረዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ መብራት ዘርኣይ ጉብረመድህን፡ ወደይ ዩኤል ሓጎስ ሃብቶም ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፋይ ጉብረኣብ ዓንደብርሃን፡ ብዓልተ ቤተይ ንግስቲ ጉብረማስቀል ዑቕባዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልናም ስለ ዝበለ፣ 16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

መኣዛ ፍስሃየ ጉብረሂወት፡ ኣደይ ሉተናዊት ካሕሱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኤፍሬም የማነ ጉብረትንሳኤ፡ ሓፍተይ ገነት የማነ ጉብረትንሳኤ 10 ዓመት ደሃይ ስለዘይብላ፡ ጥፍእቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ሰለሞዊት ኣብርሃም ሰጊድ፡ ኣደይ ህድኣት ሃብቱ ብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተዛረ ጉብረያሰስ ክፍሉ፡ ብዓልተ ቤተይ እምነት ዓንደብርሃን ከበደ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልናም ስለ ዝበለ፣ 16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ሰናይት ርእሶም ተስፋዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ሰናይት በረቸ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

መርሃዊት ፍጹም በርህ ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊት ቢንያም መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ገነት በርሀ የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ እስቲፋኖስ ዘርኣክርስቶስ ጉብረመድህን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልናም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ወረ/ፍ ዞርያስ ዓንዶም ሰለሙን፡ ኣቶ ጸጋይ ዞርያስ፡ ተኸሰስቲ 1ዘፋን ዞርያስ ዓንዶም 2ዘውዲ ዞርያስ ዓንዶም 3ምስጋና ዞርያስ ዓንዶም 4ትብለጽ ዞርያስ ዓንዶም 5ደሰላ ዞርያስ ዓንዶም ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈለጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሰምኦን ጦኽሪ ተኸሳሲ ኣቶ ደበሰይ ብርሃ፡ ንሶም ምትሕልላፍ ናይ መኪና ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈለጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ጀላል ጣሃ መሓመድብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ጀላሊ መሓመድጥዑም ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ሳምራዊ የናስ ኣማረ ምባል ተሪፉ፡ ሳምራዊ ተወልደ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣማኑኤል ኣስመላሽ ጸጋይ፡ ሓወይ ሚካኤል ኣስመላሽ ጸጋይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ፍትዊ ግርማጼን ተስፋጋብር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ የሴፍ ሃብቱ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ሃይማኖት ሓጎስ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ የሴፍ ጉብረትንሳኤ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልናም ስለ ዝበለት፣ 4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸገሬና ሚካኤል ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ዳይና ሚካኤል ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ መርሃዊት ገዚኢ ጉብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃጽዮን ተኽለ ዓንደገርግሽ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልናም ስለ ዝበለት፡ 11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሳባ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቱ ጉብረሚካኤል፡ ናይ ውላድ ሽመት ምምዝጋብ ክሲ ኣቕሪብትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ተክለማርያም ተኽሊት መተሃን ምባል ተሪፉ፡ ተኽለ ተኽሊት መተሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ንጉሰ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲ ሜጀር ተኽለ ኪዳ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈለጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ጻዕዳ ወልደገርግስ ፍስሃ ምባል ተሪፉ፡ ጻዕደይ ወልደገርግስ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰምሃር ተስፋጋብር ኣንጠጸዮስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ደበሳይ፡ ናይ ሕጊ ክሲ ተመስሪትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ጸገ ጉብረእየሱስ ጉብረመድህን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክፍለማርያም ወልደሚካኤል ተስፋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲ ኢብራሂም ሰዒድ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ ሄር ያሱ ካሳ በራኺ ዝኾንኩም፡ ንዓኹም ዝምልከት ሕቶ መሬት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ደሰበለ ኣብዲ ተሰሙ፡ ኣቦይ ኣብዲ ተሰማ ተሰፉ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ምስጋና ክብሮም ጉብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሚሌት ክብሮም ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋይ ጉብረሚካኤል፡ ብሕጋዊ ወኪል ኣብላ ኣቦይ ተስፋይ ጉብረሚካኤል ዘርኦ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኢብራሂም ዓብደልካር ዓብደላ፡ ብሕጋዊ ወኪሉ ኣቶ ዘርኣይ ተስፋይ ገ/ሄር፡ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ነ/ሄር ኣደም ዓብደልወሃብ ሹማይ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣደም ያሲን ኣሕመድ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣምና ሐሴን ካፍል፡ ኣብ መንገሹም ብመሰረት ዝተገበረ ውዕል መሸጣ ናይ ቀዋሚ ንብረት፡ ናይ ስም ምስግጋር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ መብራት ሃብቶም ዑቕባልደት፡ ብደሆ ዘርኢጋብር ጉብረማርያም ስለዝተሰውአ፡ ካብ ኣብራኽ ክልቴና ዝተወልደ 1 ወላዱ መኽሰብ ብደሆ ዘርኢጋብር ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረቱ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሚካኤል ተስፋይ ኪዳ ምባል ተሪፉ፡ ሚካኤለ ተስፋይ ኪዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ጀሚል ዐሶማን መሓመድኑር፡ ብዓል ቤተይ ሽምኑ፡ ደርሳልሕ ረድኢ ገንደር ስለዝጠፍኣኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ከሸን ተስፋብርሃን ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ህያቡ ተስፋብርሃን ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣረይ ሓጅ ኣረይ ምባል ተሪፉ፡ ኣረይ ሓጅ ጃዕፈር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ምልእብርሃን ሰልጣን ተኪኤ፡ ኣዴና ሚዛን ጉብረማርያም ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈት፡ ንሕና 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና ሸርኢት ዚፕ ኮድ1A135 ፕሎት 182 ፓርሰል 3z መለለዩ መሬት ASP00017002 መለለዩ ገዛ ASD000316667 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ብስም ኣደይ ነ/ሄራት ምጽላል መተሃን መዘኻኸሪ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ገዛ ናብ ስመይ ከማሓላልፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃና ንሕብር፡፡

ኣቶ መልኣከ ጉብረማስቀል ሓደገ

---

ወ/ሮ ንግስቲ ሃይሉ ጉብረማስቀል ዝተፈቅደለን ናይ መሸጢ ጸባን ውጽኢቱን ንግዳዊ ትካለን "ኩዊን መከፋፈሊ ጸባን ውጽኢቱን"(QWIN RETAIL OF DAIRY PRODUCTS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከይሚዘለ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ክፈልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣባሻውል ዚፕ 1A132 ፕሎት 87 ፓርሰል C መለለዩ መሬት ASP00038159 መለለዩ ገዛ ASD00031945 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ብስም ኣደይ ነ/ሄራት ምጽላል መተሃን መዘኻኸሪ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ገዛ ናብ ስመይ ከማሓላልፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃና ንሕብር፡፡

ኣቶ መልኣከ ጉብረማስቀል ሓደገ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ስተጸየን ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረስላሴ ሃደለ ሰቋር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን16/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ቤተስሄም ዳዊት ፍትዊ፡ ኣቦይ ዳዊት ፍትዊ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን28/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ዘውዲ በራኺ ጉብረ ምግል ተረፉ፡ ዘውዲ ኪዳን ጉብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳቲት ወ/ሮ ኣዜብ ጉብረዝጊ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲ መሓሪ ዕቑቡ ወልደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ጻዕዱ ኣንገሶም የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ሙሴ ብርሃ ጉብርህላሴ ን5 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጉዳይ ሓዳረይ ናብ ቤተዘመድ ሽማግለ ቀሪቡ ክረኣየለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

እንተዘይቀሪብኩ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ መሓሪት ኑር ዑቕቢጋብራብ፡ ናይ ደቀይ ካርድ ክታበት 1. ቀንዴል ርእሶም ክፍሎም 2. ባና ርእሶም ክፍሎም፣ ስም ኣደ ብጌጋ መሓሪት ዳዊት ተመዝጊቡ ዘሎ፡ መሓሪት ኑር ዑቕቢጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ረቂያ ያሲን ዓሊታ ምግል ተረፉ፡ ርቅያ ያሲን ዓኢሾክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ዚ.ፕ 1A714 ቁ. ገዛ 8 ዝርከብ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 6249/19 ናይ ዕለት 02/04/2019 ብስም ኣቶ ቶማስ ተኸስተ ብርሃን ወ/ይ ኤርትራ ተኸስተ ብርሃን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ሸይጦምለይ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ምዃነይ ኣረጋግጽ።

ሕርይቲ ፍስሃጼን ወልዱ

ብስም ተስፎም ፋሲል ኣርዓዶም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዲዞ ምርሒት ጤሳ ዓዲ ሰግዶ ዚ.ፕ 1B3823 ፕሎት 15 ፓርሰል E ዝርከብ ዝተመዝገበ ገዛ ስፍሓት 250 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝዓደገዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስዒቡ ሓዚ ጉዳይ ክፍጸም ምዃኑ ኣሕብር።

ኣኽበረት ሰጊድ ደብረጼን
ወኪል ገነት ሰጊድ ደብረጼን

ወ/ሮ ደሃብ ፍትዊ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካለን "ህያብ ቤት ቁርሲ" (HIYAB SNACK BAR) ተባሂለ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ/ዚ.ፕ ኮድ ገጀረት 1A752 ፕሎት 25 ቁ.ፓርሰል/ ዞን ASP00013199 ፓርሰል A ጎደና - ቁ.ገዛ 8 ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዩ ቁ. ንብረት 1:005367 ብስም 1.ሙሉጌታ ቅስሙ 2.ዓጽሙ ቅስሙ 3.ፍጹም ጉብራይ ዝተመዝገበ ብሓባር እንውንኖ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛውቲ)፡ ብዘፈጸምናዮ ስምምዕ ምቅሊት መሰረት ናብ ስምና ኣመሓላሊፍና ናይ ውልቅና ሰነድ ዋንነት ክወጽኣሉ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቐረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰዓቲና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፈጸም ምዃና ንሕብር።

.ፍጹም ጉብራይ

ወ/ሮ ሳባ ተስፋይ በርሀ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪናን ምስላጥ ጉዳያትን ንግዳዊ ትካለን "ዲምያና" (DIMYANA) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ -ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ፋብሪካ ቢራ ኣስመራ

ፋብሪካ ቢራ ኣስመራ ዝኾነ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብዝለዎ ኩነታት ብጨረታ ክሽይጥ ስለዝደለየ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎምን ናይ 2024 ዓ.ም. ግብሪ ዝኸፈሉን ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም። ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ዝጸንሕ ኮይኑ ንጸባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት።

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት |
|---|---|
| | ናይ 50, 20, 10 ኪሎ መሸማዓት |
| | ናይ 50 ካልኣይ ኢድ መሸማዓት |
| | ናይ 50, 30, 25, 20, 5 ሊትሮ ፕላስቲክ ጀሪካናት |
| | ናይ 200ን 30ን ሊትሮ ሓጺን በርሚል |
| | ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ካርቶናት |
| | ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ጸፋሕቲ ካርቶናት |
| | ጎም ፕላስቲክ መሸፈኒ ናይ ጠራሙዝ |
| | ኣልሚንየም ጎማ |
| | ታኒካ ናይ 1 ኪሎ |
| | ወረቐት ድራም (ናይ ኣኒቶል ጀሪካን ሒዙ ዝመጸ) |
| | ቁርጽራጽ ጎማ፣ ካርቶን፣ ወ.ዘ.ተ. |

1.

1. ተጫረትቲ ዝርዝር ንጨረታ ዝቐረበ ኣቑሑት ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ፋብሪካ ቢራ ኣስመራ ክወስዱ ይኽእሉ።

2. ጨረታ ክፉት ኣብ ዝኾነሉ ናይ ስራሕ መዓልታት ካብ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 11:00 ቅ.ቀ. ንጨረታ ንዝቐረበ ኣቑሑት ክዕዘቡ ይኽእሉ።

3. ተጫረትቲ እዚ ዝስዕብ መጠን ገንዘብ ብCPO ክሳብ መውዳእቲ ዕለት ምቕባል ሰነድ ጨረታ ከትሕዙ ይግባእ።

ሀ) ካብ ተ.ቁ. 1 ክሳብ 4 ዝሎ ንብረት ዝጫረቱ ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 100,000.00 ናቕፋ፣

ለ) ካብ ተ.ቁ. 5 ክሳብ 7 ዝሎ ንብረት ዝጫረቱ ተጫረትቲ ድማ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 50,000.00 ናቕፋ፣

4. ተጫረቲ ዝገዝኣሉ ዋጋታት ኣብ ሰነድ ጨረታ ብገጸር የስፍሩ። ንጹር ዘይኮነ ዋጋታት ዝሓዘ ሰነድ ተቐባልነት ኣይህልዎን።

5. ተዓዋቲ ጨረታ ናይ ዝተዓወተሉ ንብረት ዝምልከት ዝኾነ ወጻኢ ባዕሉ ይሽፍን። ክኽፈሉ ዝግብኦ ክፍሊታት (ግብርን ካልእን) ከፊሉ ከኣ ጨረታ ካብ ዝተኸፍተሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቀጽሪ ፋብሪካ ከልዕል ይግባእ።

6. ፋብሪካና ነቲ ጨረታ ብኸፊል ኮነ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

## ምስጋና



ብማስዋእቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ተጋዳላይ ኑርሑሴን መሓመድረፊቕ (ወዲ መሓመድ) ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሆስፒታል ዝተመላለስኩም ድሕሪ ማስዋእቲ ድማ ኣብ መቓብር ሓብርኛታት ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛ ብምምልላስ ናይ ሓዘና ተኻፊልቲ ዝኾንኩም ከምኡ'ውን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከምዝዩጸና ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ተ/ጋ ቅዱሳን ጺጋይ
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

ኣመልካቲ ኢሳቕ ኣለምሰገድ ጺጋይ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ምምሕዳር ገጀረት ጎደና ዓራቶ ዚፕ ኮድ 1A755 ፕሎት 16 ፓርሰል N 000012046 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ንብረት 1፡013522 ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ ይሕደጋ ገብረማርያም ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 290.93 ት/ሜ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታት ሽዱሽተ ሓገዝቲ ክፍልታት ዝሓዘ ብህያብ ስለ ዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓፕሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ኢሳቕ ኣለምሰገድ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቤት መኻእ ዞባ 5ምም/03 ዝርከብ፣ ኣብ ኮ/ኮ/ኣ/ ኤርትራ ብቑጽሪ ወረቐት 118316 መወከሲ ቁ.136790 ብስም ወረ/ፍ/ ወልደሚካኤል ኪዳነ እፍሉ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ወ/ሮ ትርሓስ ወልደሚካኤል ኪዳነ ብውርሲ ዝረኸብኦ ክፋሉ ብጽሒተን ሸይጠናለይ፣ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ/ፓፕሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ምዃነይ ኣረጋግጽ።

ወ/ሮ ለምለም ገብረጻድቕ ማሩ

ወ/ሮ ኣበባ ገብረማርያም ወልደሚካኤል፡ ኣዝዘተፈቕደለን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን "ክብሮም ሓፈሻዊ ኤሌክትሮኒክስ" (KBROM GENERAL ELECTRONICS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ማሕበር ወሃቢት ኣውቶብሳት ዓወት፡ ብዛዕባ ኣብ ቀጽሪ ዕዳጋ ሓሙስ ዝነበራ ኣውቶብሳት ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘሎና፣ ኩሉኹም ኣባላት ማሕበር ንዕለት 30/4/25 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቀጽሪ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ክሉብ ማሕበር ክትርከቡ ነተሓሳስብ።

ኣብዚ ኣኼባ ዘይተረኸበ ኣባል፡ ንዝወጻኢ ሕቶ ሓላፍነት የብልናን።
ቦርድ ማሕበር ዓወት

ኣቶ ባህልቢ ተኽልኣብ ገደል፡ ዝተፈቐደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም "ራሕሲ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (RAHSI DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

እዝዘበኣምን ተኽላይ ገብረደሃንስ ምባል ተረፉ፣ ደሊና ተኽላይ ገብረደሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም ኣንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ፋና ተወልደብርሃን ተሰፋገርግሽ፣ ኣቦ ተወልደብርሃን ተሰፋገርግሽ፣ ተጸዋዕቲ ደጎል ግርማይ ተወልደብሃን 2. ዋርካ ግርማይ ተወልደብርሃን 3. ሓበን ግርማይ ተወልደብርሃን 4. ሓረጉ ተወልደብርሃን ንወሃብቶ ምጽዳቕ ዝምልከት ክሲ ኣቕሪብናልኩም ስለዘለዋ፣ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።


## ሓራጅ

ኣብ ሞገኒ ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ኣሰፋሽ ዓንደጸዮን፡ ወኪል ኣቶ ተማሰገን ገርግሽን ብፍ/በ/ዕዳ 1ኣቶ ፋኑኤል መሓሪ ወኪል ኣቶ በረኸት መሓሪ ዝተፈጥረ ናይ ገንዘብ ክርክር፣ ንብረት ሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን 1ይ/ደ/ቤ/ፍ ኣስመራ ትእዛዝ ስለዝሃበ፣ ከም ናይ ማእከል ጣውላ ኮይኑ ዘገልግል ብሞገርሞ ዝተሰርሐ ከምኡ'ውን ጣንኩ፡ ኣብ መንደቕ ቦሎፎን ዝተጠቀዐ ጠልጠል ዝበለ ደኮረሽን ማጠቓሲ ዋጋ 250.000.00 (ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ናቕፋ ብክኢላ ዝተገመተ፡ ኣብቲ ዝፍጸድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፣ ናይ'ቲ መውዳደሪ ዝተረቑሐ መጠን ብኣሃዝ ፊደልን ጽሒፉ ብምድላው ብዕሹግ ሰታርት ቅድሚ ሓራጅ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ ¼ ናይ ማጠቓሲ ዋጋ ብስም ተወዳዳሪ ባንክ ሕሳብ (ባንክ በኩ) ወይ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ - 26/05/2025
ቦታ ሓራጅ - ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27 ገበን መጋቢያ
ሰዓት ሓራጅ - 03፡00 - 04፡00 ቅ/ቀትሪ

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ.64 ብምቕራብ ክውከስ ይኽእል።
ሓራጅ ዝቃወም ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይምጺኡ ሓራጅ ደው ኣይብልን እዩ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ኣንጭዋን ድሙን

ኣብ እዋን ሓጋይ፡ ሓደ መዓልቲ ሓደ ኣንጭዋ ክዕንድር ንደገ ወጽአ።

"ጥንቅቕ በል ኢኻ" ተዳህየት ኣዲኡ ደድሕሪኡ፡ "ደገ ንኣና ነናጹ ኣዝዩ ሓደገኛ ቦታ'ዩ። መጻወድያ ከይጸንሓካ ተጠንቀቕካ ተጉዓዝ። እቲ ጸፋር ኢድ ናይታ ድሙ ኣብ መገድኻ ከይጸንሓካ'ውን ኣስተውዕል። ልዕሊ ኩሉ ግን ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ርግጸኛ ኣይትኹን፡" ኢላ ምዒዳ ኣፋነወቶ።

እቲ ኣንጭዋ፡ ኣብ ጉንዲ ናይ ሓንቲ ዕምባባ ክጻወትን ናብዘን ናብትን ክብልን ሓንቲ ድሙ ትርእዮ'ሞ፡ ብጥዑም ድምጺ፡ "ሰላማት ኣንጭዋ፡" በለቶ።

እቲ ኣንጭዋ ስሙ ክጽዋዕ ሰሚዑ ብጥርጣረ ጠጠው በለ። "ንዓ'ባ ኣዛርበኒ፡" ተዛረበት እታ ድሙ። ቀጺላ፣ "ምሒር'ዩ ጸምዩኒ ዘሎ። መጻውትቲ ኽኣ ስኢነ፡" በለቶ።

"ምሽ ንስኺ ድሙ ኢኺ?" እቲ ኣንጭዋ ሓተተ ብቐንፅና።

"ድሙ! ዋይ የሕፍርካ! ድሙ ክትብለኒ? ኣይኮንኩን። ኣነ ደኣ ኣቦ ልደት እንድየ ግዲ። እንተ ዘይኣሚንካ ዋላ ንዓ'ንዶ ረኣዮ



ነዚ ጻዕዳ ጭሕመይ፡ ጻዕዳ ጸጕሪ ዓይነይ፡" በለቶ እታ ድሙ ብዘእምን ድምጺ።

"ናይ ሓቂ ኣቦ ልደት ምኳንኪ ርግጸኛ ኢኺ?" እቲ ኣንጭዋ ሓተተ፣ ገና ተጠራጢሩ ስለ ዝነበረ።

"ከመይ ደኣኸስ! እወ ርግጸኛ'የ፡" መለሰት ድሙ፣ "ተመልከት ኣእዳወይ ረኣዮ ከተረጋግጽ መታን። ብኸምኡ ኸኣ'የ ኣቦ ልደት ተባሂለ። ንዓ ካብቲ ተሓቢእካዮ ዘለኻ ውጻእ። ዝተማላእኩልካ ህያባት ኣብቲ ታሕቲ ኣሎ፡" በለቶ።

እቲ ኣንጭዋ፡ ኣቦ ልደት ጻዕዳ ጭሕምን ጸጕሪ ዓይንን ከም ዘለዎን ንሰባት ህያባት ከም ዝህብን ሰሚዑ ነይሩ'ዩ። ስለዚ፡ ካብቲ ዝነበሮ ናብታ ድሙ ገጹ ክቐርብ ጀመረ።

እታ ድሙ ድማ ቀልጢፋ ነጢራ ጉቢጣ ሓዘቶ።

"ትሰምዖ ዘበለ ክትኣምን የብልካን፡" በለት ድሙ፣ "ምኽንያቱ፡ ሕጂ ክበልዓካ ስለ ዝኾንኩ፡"

"ክንዘራረብ ኢናዶ ኣይበልክንን?" ሓተተ እቲ ብፍርሒ ተዋሒጡ ዝነበረ ኣንጭዋ ከም ዝተዓሸወ ተረዲእዎ።

"ማዕለሽ! ክንዘራረብ እንተ ደሊኻ ግርም! ብድሕሪኡ ግን ክበልዓካ'የ። ግዜ መሊኡኒ'ዩ ዘሎ። ክንድቲ'ውን ኣይጠመ'ኹን ዘለኹ። ኣንጭዋ ክሕዝ ዊን ስለ ዘበለኒ'የ ሒዘኩ" በለቶ እታ ድሙ።

እቲ ኣንጭዋ ክሓስብ ጀመረ። ጸኒሑ ኸኣ፣ "ንምኳኑ ኣነ ኣንጭዋ'የ ዝበለኪ መን'ዩ?" ኢሉ ሓተተ። ቀጺሉ፣ "እዚ በላሕ ድሙ ከምዘይኮንኪ እዩ ዘርኢ።"

"ደሓን ናቱስ ኣንጭዋ ምኳንካ ዘጠራጥር የብሉን፡" መለሰት እታ ድሙ።

እቲ ኣንጭዋ፡ ካር ካር ኢሉ ሰሓቐ። ሰሓቐ'ኳ ኣይመጽኦን ነይሩ። ግን ክስሕቕ ኣለኒ ኢሉ ብሓይሊ ሰሓቐ። ሰሓቑ ምስ ወድአ፣ "ኣንጭዋ ኣይኮንኩን" በለ። ጸኒሑ ኸኣ፣ "ኣነ ከልቢ'የ፡" በለ።

እታ ድሙ ነዚ ምስ ሰምዐት ሰሓቕ ሰዓረ። ናይ ምግራም ሰሓቕ ድማ ነበረ። ቅድሚ ሸዑ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣንጭዋ ሒዛ ኣይትፈልጥን ነበረት። "ኣንጭዋ ኣንጭዋ ምኳኑ ምስ ረኣኽዎ ጥራይ ክፈልጦ እኽእል'የ፡" ድማ በለቶ።

"ኖእ! ኣነ ከምዛ ዝበለኪ ከልቢ'የ፡" በለ እቲ ኣንጭዋ እናሰሓቐ፣ "ሓይለይን ትንፋሰይን ምስ መለስኩ ኸኣ ከም ከልቢ ክነብሕን ንኣኺ ክሳብ ኣብታ ገረብ እትድይቢ ክጓይየክን'የ፡" በላ። ብውሽጢ ድማ ንነብሱ፡ 'ኣነ ኣንጭዋ ኣይኮንኩን፡ ከልቢ'የ፤ ኣንጭዋ ኣይኮንኩን። ከልቢ'የ' ብምባል ልክዕ ከም ከልቢ ክሓስብ ጀመረ፣ "ንስኽስ ንኣይ ኣንጭዋ ኢኻ ክትብልኒ ዘገርም'ዩ፡" በለ እቲ ኣንጭዋ።

"እዋእ! እሞ ኣንጭዋ እንዲኻ እትመስል፡" መለሰትሉ እታ ድሙ ብጥርጣረ፣ እቲ ኣንጭዋ ከልቢ ክመስላ'ውን ስለ ዝጀመረ፣ "እስከ በል ከም ከልቢ ክትነብሕ ክሰምዓካ'የ፡" በለት እታ ድሙ።

"ግርም! በሊ ሓንሳብ ጽንሒ...፡" እቲ ኣንጭዋ ከም ከልቢ ክሓስብ ኣለኒ ኢሉ ተማጕተ። ጸኒሑ ነታ ድሙ፡ "ተቐራብኪዶ?" ኢሉ ሓተታ።

"እው፡" መለሰት።


"ግርም! እምበኣር ከየጽምመኪ ቀሩብ ርሕቕ ኢልኪ ጠጠው በሊ፡" እቲ ኣንጭዋ ኣዘዘ።

እታ ድሙ ቀሩብ ፍንትት ኢላ ጠጠው በለት። በታ ሓንቲ ኢዳ ኸኣ ንጭራ እቲ ኣንጭዋ ከረው ኣቢላ ሒዛታ'ያ ነይራ። እቲ ኣንጭዋ ብዝከኣሎ ሓይሊ ከም ከልቢ ክነብሕ ፈተነ፣ ግን ብዘይካ ትሑት ናይ ኣንጭዋ ድምጺ ካልእ ክሰምዕ ኣይከኣለን።


ይቕጽል


# ስእሊ ተላመዱ

ነዛ እትስዕብ ስእሊ፡ ብፊደል A ጀሚርኩም ነጡብጣብ ብምልጋብ ክሳብ Z ብጽሑ፤ ኣላጊብኩም ምስ ወዳእኩም ድማ ሕብሪ ልኸዩ!




## ጉዕዞ ተመሃራይ፡ ካብን ናብን ዓይኒ ምድርን ክፍልን




ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ብዛዕባ እዘን ስእልታት ሓሳብኩም ከተካፍሉ ዓዲምና ነይርና። ኣብ ናይ ሎሚ ናይ ክልተ ተመሃሮ ሕሳብ ናገኹም ነብሎ። እቲ ካልእ ዝመጽአ ደብዳበታት ተመሳሳሊ ስለ ዝኾነ፡ በዘን ክልተ ሓሳባት ክንዛዝም ኢና።

### ሓሳብ ቁጽሪ -1

* **ስእሊ ካብ ክፍሊ ናብ ዓይኒ ምድሪ፡**

እቲ ተመሃራይ ከብዱ ስለዝሓመመ እናጐየየ ናብ ዓይኒ ምድሪ ከይዱ።

* **ስእሊ ካብ ዓይኒ ምድሪ ናብ ክፍሊ፡**

እዚ ተመሃራይ ከብዱ ሓሚሙ ስለዝነበረ ኣብ ዓይኒ ምድሪ ምስ ኣተወ ስለ ዝሸነ፡ ነብሱ ፈኹስዎ ተዛንዩ እናተጠዋወየ ናብ ክፍሊ ይኸይድ ኣሎ።

ተመ. ሜሎን ቢንያም

ቤት ትምህርቲ ተኸሊ

### ሓሳብ ቁጽሪ -2

* **ስእሊ ካብ ክፍሊ ናብ ዓይኒ ምድሪ፡**

እዚ ተመሃራይ ካብ ክፍሊ ይወጽእ ስለዘሎ፡ ካብ ትምህርቲ ከዕርፍ ስለዝደለየ እናጐየየ ወጺኡ።

* **ስእሊ ካብ ዓይኒ ምድሪ ናብ ክፍሊ፡**

እዚ ተመሃራይ ካብ ትምህርቲ ክሃድም ስለ ዝደለየ ማለት ትምህርቲ ስለዝጸልአ ቀስ ኢሉ ናብ ክፍሊ ይምለስ ኣሎ። ወይ ግዜ ከጥፍእ ስለ ዝደለየ እናተጠዋወየ ናብ ክፍሊ ይኸይድ ኣሎ።

ተመ. ዮናኤል ምሕረትኣብ

ቤት ትምህርቲ ተኸሊ

## ዋጋ ጥርሙዝ

ኣቶ ሓምድ ናብ ሓደ እንዳ ጽማቝ ብምኻድ፡ ዋጋ 44 ናቕፋ ጽማቝ ገዝአ። ወናኒ እንዳ ጽማቝ፡ ነቲ ጽማቝ ኣብ ጋዜጣ ጠቕሊሉ ንኣቶ ሓምድ እናኣረከቦ፡ "ነቲ ጽማቝ ምስ ወዳእካዮ፡ እቲ ጥርሙዝ እንተደኣ መሊስካለይ ካብቲ ከፈልካዮ ዘሎኻ ገንዘብ ክምለሰካ'ዩ፡" በሎ።



ኣቶ ሓምድ፡ "ግርም! ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ እዩኸ ክምለሰኒ፧" ብምባል ጠየቐ።

ወናኒ ትካል ድማ፣ "ጽማቝ ዝመልአ ጥርሙዝ 44 ናቕፋ እዩ ዋግኡ። እቲ ጽማቝ ድማ ካብታ ጥርሙዝ ብ40 ናቕፋ ይኸብር። ስለዚ ዋጋ ጥርሙዝ..." ኢሉ ዘረባኡ ከይወድአ ኣቶ ሓምድ፡ "ዋጋ ጥርሙዝ ድማ 5 ናቕፋ!" ምሒር ሓጐስ እናተሰምዖ።

ወናኒ ትካል ትቕብል ኣቢሉ፣ " ይቕረታ፡ ዋጋ ጥርሙዝ ኣብ ምቕማር ተጋጊኻ ኣሎኻ፡ ደጊምካ ሕሰበሉ፡" በሎ። ወናኒ ትካል ኣይተጋገየን፤ ኣቶ ሓምድ ሕሳቡ ብግቡእ ንኽፈልጥ ደልዩ ኣሎ'ሞ፡ ሃየ ንሓግዞ። ቅኑዕ ዋጋ ጥርሙዝ ክንደይ'ዩ፧

ፈሪሓ ኣሕመድ

መልሲ ኣብ ዝቕጽል ሕታም

# ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## “ብቕዓትና ጥራይ’ ዩ ርእሰ-ተኣማንነት ዝፈጥረልና” ኤልሳቤጥ ብርቁ

ሚርያም ዮሴፍ

ኤልሳቤጥ ብርቁ፡ ኣብ ኩባንያ ዕደና ቢሻ እትሰርሕ ጓል-ኣንስተይቲ እያ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ 20 ዓመት ናይ ስራሕ ጉዕዞኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ደረጃታት ዝሓለፈቶም ተመክሮታት ንምክፋል ምስ ዓምዲ ደቂ-ኣንስትዮ ዘቕደቶ ዕላል ናጎሽም ንበሎ። ሰናይ ንባብ።

**ምስ ነበሽኽን ድሕረ-ባይታኽን ከተላልይና?**

ኤልሳቤጥ ብርቁ እበሃል። ካብ ኣደይ ወ/ሮ ጰዝቤላ ህዝቂልን ኣቦይ ኣቶ ብርቁ ክብረትን፡ ኣብ ታሕሳስ 1984፡ ኣብ ኣስመራ ተወሊደ ዓበየ። ተዘኩሪ ናይ ቆልዕነት ድሕረ ባይታ እዩ ዘለኒ። ከም ቆልዓ ብዙሕ ምጸዋት ዝፈቱን ሕውስትን ሰብ እየ ነይረ።

ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ኣቡቲ ዝዓበኹሉ ከባቢ ማለት፡ ካምፓ ፖሎ ትምህርቲ ጀሚረ። ናይ መባእታ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዳህላክ፡ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናጽነት፡ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ተማሂረ። ኣብ ትምህርተይ ኣብ'ቶም ኣዝዮም በሊሕቲ ዝበሃሉ ተመሃሮ ኣይነበርኩን፤ ኣብ ክፍለይ ግን ካብ'ቶም ቀዳሞት ሓሙሽተ ይኸውን ነይረ እየ። ቀጺሉ ምስ ኣቦላት 15 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ወሪደ። ኣብ ግዜና፡ ከም ዝኾነ ናይ ሕጂ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ ንምቕጻልን ኣብ ማትሪክ ንምክፋልን ዘይተፍ ኣቐዲምካ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ወሲድካ እዩ ንሳዋ ዝኽየድ ነይሩ። ኣብ ሳዋ ድማ ናይ ሰለስተ ወርሒ ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳድ፡ ትምህርቲ ዘቐጸሉ መሕለፊ ነጥቢ ስለ ዝረኸብኩ ናብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ተጸንበረ። ብዓውዲ ዕቃብ ሕሳብ (Accounting) ብናይ ዲፕሎማ ማዕርግ ድማ ኣብ 2007 ተመሪቐ። ድሒሩ ካብ ዩኒቨርስቲ ኬፕ ታውን (ደቡብ ኣፍሪቃ)፡ ተወሳኺ ናይ ዕቃብ ሕሳብ ትምህርቲ ብኦንላይን ቀሲመ። ኣብዚ እዋን ድማ ነቲ ቀዳመ ዝወሰድክዎ ናይ ACCA (Association of chartered certified accountant) ትምህርቲ ክቕጽል ይዳሎ ኣለኹ። እዚ ድማ ኣብ ቢሻ ሞያይ ንምዕባይ ዝወሰድኩዎ ስልጠናታት እዩ።

**ኤልሳቤጥ፡ ኣባል 15 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኢኺ። ሳዋ ብኸመይ ኢኺ ትዝክርያ?**

ሳዋ፡ ንኹልና መንእሰያት ናይ ነፍሱ መቐደሮ ቦታ እያ። መንእሰያት ኳንና ስለ ዝኸድና፡ ምስ ምሉእ ሓይልናን ድሌትናን ኢና ነይርና። ኣብ ኤርትራ ብሳዋ ዘይሓለፈ ሰብ ዳርጋ የለን። ክሳብ 11 ክፍሊ እንዘጽሕ ናይ ስድራና ኢና። ድሕሪ ሳዋ ግን ናይ ነፍስና ምሕደራ ከም እንመልኽን ነፍስና ከም እንኽእልን ትጉበር ቦታ እያ። ንዓይ ናይ ታዕሊም ተመኩሮ ጥራይ ዘይኮነ ስሩዕነት፡ ስነ ምግባር፡ ሓብራዊ ሂወት፡ ወዘተ ዝተመኮርኩላ ቦታ እያ። ብቐንዱ ካብ ዝተፈላለየ ክፋላት ሃገርናን ካለን ብሀረራትናን ዝተኣኻኸበ ሰብ ኢኻ ትረኽብ። ካብ ኩሉ ድማ ተመክሮታት ትቐስም። ንኣብነት፡ ኣነ ካብ ብሄረ ኩናማ እየ። ነቲ ዘዕበየኒ ድሕረ ባይታ ጥራይ እፈልጥ ነይረ ይኸውን። ኣብ ሳዋ ግን፡ ክንጽ ናይ ውልቅና መንነት፡ ናይ ሓበር ከም ኤርትራውያን እንውንኖ መንነት ከም ዘለና እትምህር ቦታ እያ።

**ብዛዕባ ብሄረ ኩናማ ትፈልጥዮ ከተካፍልና፤ ብፍላይ ምስዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ዝኸይድ?**

ኣነ ኣብ ኣስመራ ተወሊደ ስለ ዝዓበኹ፡ ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦ ዘይክህልወኒ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ ዘዕበየኒ ስለ ዝኾነ ግን፡ ሒደት ወስ ክብል። ብሄረ ኩናማ፡ ብናይ ኣደ ወለዶ ዝጸዋዕ ሕብረተሰብ እዩ። ኣደ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘለዋ ተራ ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ። ኣብ ብዙሕ ናይቲ ሕብረተሰብ ዋኒናት ብማዕረ እትሳተፍን ኣብ ቁጠባዊ መዳይ ድማ ዓቢ ተራ እትጻወትን እያ። ኣብ ስድራቤት ድማ ዝዓበየ ተራ ዘለዋ ኣደ እያ። ንኣብነት፡ ኣደይ ተማሂራ እያ፣ ንዓይ፡ ዝዓበየት ጽልዋ ዘሕደረትለይ ድማ ንሳ እያ።

**ተራ ወላዲትኪ ከመይ ደዩ ነይሩ?**

ኣደይ ብፍሉይ ዝርኢያ ፍጥረት እያ። ከም ኣጣ ኣደን ኮይና፡ በዩና'ያ ኣዕቢያትና። 7 ኣሕዋት ኢና ብሓንሳብ ዓቢና። ከም ወላዲት፡ ስድራ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ጥራይ ኣይነብን ነይሩዋ። ጎድኒ ጎድኒ ኣልያ ስድራቤታ፡ ንሳ'ውን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብዓውዲ ሰክሬታርያ ተመሪቓ እያ። እናተማህረትን እናሰርሐትን ድማ ኣምሂራትናን ኣዕቢያትናን። ኣብ ትምህርቲ ኣዝዩ ሰፊሕ ዝኾነ መረዳእታ እዩ ነይሩዋ። ኩሉ ሰብ ክመሃር ከም ዘለዎ ትገስጽሩ፡ ንኹልና ደቃ ድማ ናብ ትምህርቲ ሰዲዳን ኣምሂራትናን እያ። ካብ ኣደይ ብዙሕ ሃገር እየ ቀሲመ። መርሓ ስድራቤት ምኳን፡ ኣብ ትምህርትን ዕቤትን ምእማን፡ እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ድማ ሓያል ኣደ ኮይና ንኽብደህ ዘኽኣለትኒ ኣደ እያ። ኣብ ማትሪክ መሕለፊ ነጥቢ ምስ ረኸበኩ፡ ልዕሊ ዝኾነ ጾማ ኣደይ ምኽፋለይ ኣዝዩ ሕጉስቲ እያ ነይራ። ኣብዚ እዋን ኣደ ሓደ ወሉድ እያ። ቀንዲ መስትያተይ ድማ ኣደይ እያ።

**ድሕሪ ትምህርቲ ምዝዛምኪ፡ ናይ ስራሕ ተመኩሮኺ ከመይ ይመስል ነይሩ?**

ድሕሪ ትምህርቲ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ ትሬዠሪ ዞባ ማእከል ተመዲበ እየ ስራሕ ጀሚረ። ናይ ሓደ ዓመት ናይ ቅድመ ምረቓ ኣገልግሎት ምስ ገበርኩ፡ ኣብ 2007 እየ ተመሪቐ፣ ክሳብ 2010 ድማ ኣብኡ ሰሪሐ። ቀጺለ ናብ ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት ክፍሊ ስታስቲክስ እየ ተመዲበ። ኣብ ኩሉን እተን ዝተመደብኩለን ትካላት ከም ኣካውንታንት ወይ ሰራሕተኛ ዕቃብ ሕሳብ ኮይነ እየ ዝጸዱ ነይረ። ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ንሓደ ዓመት ምስ



ሰራሕኩ ድማ ተጣይሰ። ኣይጸናሕኩን ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ኩባንያ ዕደና ቢሻ ናይ ስራሕ ዕድል ፈቲኑ ስለጠኒ ድማ ኣብኡ ተቖጺረ ክሰርሕ ጀሚረ።

**ኣብ ኩባንያ ዕደና ቢሻ ናይ ስራሕ ተመክሮኺ'ሞ ከመይ ነይሩ?**

ኣብ ቢሻ ኣብ 2012 እየ ጀሚረ። ዝተፈልየ ናይ ስራሕ ተመክሮ እየ ቀሲመ። ኣብ መጀመርያ ኣብ ክፍሊ ዳህሳስ ኣብ መዝገብ ሓበሬታ (data clerk) እየ ስራሕ ጀሚረ። ድሒሩ ኣብ ክፍሊ ቴክኒካዊ ኣገልግሎት፡ ናብ ምሕደራ ዳታ (data administrator) ብምስጋር ኣብ ሞያይ ሓደ ዕብየት ወሲኸ። ድሕሪ ዓመት ድማ ናብ ክፍሊ ፋይናንስ ተሰጊረ። ኣብዚ ክፍሊ ከኣ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ከም ተቐጻጻሪት ብምሉኣን ክየጹ ጀሚረ። ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ትሬዠሪን ባጀትን ብሞያ ዕቃብ ሕሳብ (budget accountant) ክሰርሕ ጀሚረ። ድሕሪ እዚ፡ ናብዚ ሕጂ ዘለኽዎ ደረጃ - ኣካያዲት ስራሕ (finance superintendent) ተሰጊረ እሰርሕ ኣለኹ። እዚ ሞያ ብወጻእተኛታት ናይዚ ትካል ዝተሓዝ ዝነበረ ኮይኑ፡ ከም ፖሊሲ ብዙሕ ካብዚ ዘሎ ሞያታት ብደቂ ሃገር ክምለኽን ክተኣደድን ብዝገበር ኣካይዳ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣቐዲመ ከም ግዜያዊት ኣካያዲት ኮይነ ንዓመት ድሕሪ ምስራሕ፡ ካብ 2020 ጀሚረ ኣካያዲት ስራሕ (transactions) ኮይነ ብደረጃ ሓላፍነት እሰርሕ ኣለኹ።

**ብደረጃ ሓላፍነት ተመዲብኪ ክትሰርሒ ምስ ጀመርኪ፡ ከመይ ዓይነት ዝተፈልየ ተመክሮ ቀሲምኪ?**

ቢሻ ኣህጉራዊ ዝኾነ መለክዒታት ዝኽተል ትካል እዩ። መጀመርያ ስራሕ ዝጀመርኩሉ፡ ቅድሚ ሕጂ ከምኡ ዓይነት ናይ ስራሕ ተመክሮ ስለ ዘይነበረና፡ ብዙሕ ክንመሃረሉ ዝነበረና መድረኽ እዩ ነይሩ። ብውልቀይ'ውን ኣብ ናይ ዕደና ትካላት ተመኩሮ ኣይነበረንን። ስለዚ፡ ኩሉ በቶም ሓለፍቲ'ኻ ዝወሃበካ መምርሒ ስራሕ ብግቡእ ክተተግብሮ ኢኻ ትጽዕር። ምስ ግዜ ግን እናተመሃርካን ተመኩሮ እናደለብካን ኢኻ ትኸይድ። ኮይኑ ድማ ከም ተራ ኳንካ ይኹን ብደረጃ ሓላፍነት ክትሰርሕ ኣየጸግምን እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሕ ካብ ደረጃታትና ብወጻእተኛታት ዘይተፍ በቶም ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ትምህርቲ ሞያ ዝሰነቑ ደቂ-ሃገር ዝተዓብለለ እዩ። ብዙሕ ካብዚ ዘሎ ሞያታት መሊኽናዮን ተኪእናዮን ምህላውና ድማ ንመጻኢ ኣዝዩ ተስፋ ዝሁብ እዩ።

**ኣብ ጉዕዞ ሞያኺ'ሞ ኣብ ነፍስኺን ብቕዓትክን በጺሐዮ ትብልዮ ደረጃ እንታይ እዩ?**

ብቐዳማይ ደረጃ፡ ካብ ዝሓለፍክዎ ጉዕዞ ርእሰ ተኣማንነት ኣጥርየ ኣለኹ። ብደረጃ መራሒት ሰብት ክመርሕ ከም ዝኽእል ርእሰ ተኣማንነት ፈጢረ። ብተወሳኺ፡ ትካልና ብዘኽተሎ ኣገባብ ብዘጥረኽዎ ተመክሮ'ውን ኣብ ኣህጉራዊ ደረጃ ክየጹ ክጸግም ከም ዘይክእል ሓደ መረዳእታ ፈጢረ ኣለኹ። ኣብ ጉዕዘይ ገና ብዙሕ ስራሕን ጻዕርን ከም ዝጸበየኒ ግን ኣይስሓትን እየ።

**ኣብ ጉዕዞኺ እንታይ ብድሆታት ነይሩኪ?**

ኣብ ሕብረተሰብና፡ ሓደ ሓደ ድሑር እምነታት ኣሎ። ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ዝለዓለ ናይ መራሕነት ጽፍሒ ክትሰርሕ ዘይቅበል፡ “ስምዒታዊት እያ”፡ “ሚዛናዊት ዘይኮነትከውን ትኽእል እያ፡” ወዘተ ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ኣብ ስርሐይ ገለ ገለ ዘስተውዕሎ ዝበርኩ ተርእዮታት ነይሩ። ኣብ መጀመርያ ኣብቲ ኣነ ዝሰርሓሉ ሞያን ዓውዲን ካብ ንዓይ ኑቶም ምሳይ ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮ ክወክሱ ይቐልም ነይሩ። ናይ ቀረባ መሳርሕተይ ግን ኣብዚ እወታዊ ተራ ነይሩዎም እዩ። ንዓይ ዝምልከት ስራሕ ናባይ ከም ዝሰደድ ይገብሩ። እቲ ዝበረ መረዳእታ ቀስ ብቐስ እናተለወጠ ከይዱ። ኣብ ስራሕ፡ ተጻብኦን ብድሆታትን ከጋጥም ንበር እዩ። ሓላፍነት ኣብ እትስከመሉ እዋን፡ ንግዳ'ውን ይኹብደካ እዩ። ነቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ሓላፍነት ትሕተ ብቕዓት ኮይንካ ክትቀርቦ ኣይትደልን ኢኻ። ስለዚ፡ እቲ እንኮ ፍታሕ፡ ስርሐይ ብተግባር ምርኣይ እዩ ነይሩ። ኣብ ስርሐይ ብቕዓት ከይጎድለኒ ዝኸኣለኒ እጽዕር እየ። ስራሕካ ኣብ ግቡእ ግዜ ምውዳእ፡ ግቡእ ናይ ምሕደራ ብቕዓት ምውናን፡ ወዘተ እቲ ቀንዲ ፍታሕ እዩ። ብቕዓትና ጥራይ እዩ ርእሰ ተኣማንነት ዝፈጥረልና። ስለዚ፡ ኣብ መስርሕ፡ ኑቶም ኣብ ትሕተኻ ዘለዉ እናመሃርካ ንሰኻ'ውን ንባዕልኻ ፍልጠትን ተመክሮን እናቐሰምካ ምኻድ፡ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ስራሕና ክንገብሮ ኣለና።

**ደቂ ኣንስትዮ ብሞያ ዓብየን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሓ ተሕልፍዮ መልእኽቲ?**

ኣብዚ ግዜ፡ መንግስትና ዘዋደዶ ማዕረ ናይ ትምህርትን ስራሕን ባይታ ኣሎ። ኣብ ብዙሕ ሞያታት'ውን ብንጥፈት ንዋሳእ ኣለና። መብዛሕትኡ ግዜ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣዚና ተወዳዳርቲ ብምኳን ኢና ንስጉም። ካብኡ እናቐጸልና ኣብ ንመጽኣሉ ግዜ ግን ዝተፈላለየ ብድሆታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ዚ ግን ሰንኻ ምንካስ እዩ ዘድልየና። ኣብ ዝተዋፈርናሉ ሞያን ዝተመደብናሉ ቦታን ቀጻሊ ተመኩሮ ካብ ምድላብ ደው ክንብል የብልናን። ብሞያን ትምህርትን ክንዓቢ ከም እንኽእል ክንኣምን ኣለና። ዕላማ ክህልወና ኣለዎ፡ “ኣይክእሎን እየ፡ ወይ ጸገሙ ኣሎ” ምባል ከኣ ክንውግድ ኣለና። ኣብ ነገራት ከይተፈተንና ዝሓሸና ሰብት ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ፡ “ኣጆኽን ኣይትሕመቓ፣ ብዚይ ምሕላል ብቕዓትክን ኣብርኽክን ስጉማ፡ ” ክብለን እደሊ።

### ለሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:20 | ናትራን |
| 16:30 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:05 | ሳይዳ |
| 18:00 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር E6 |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ-ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | Open mic |



# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ይቕጽል
### ኩባንያ ሰምበል ንኣልታሕረር ተመዓራርያታ

መበል 14 ግጥማት ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን ’ኤ’ ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብሓሙስ 24 ሚያዝያ ብኣርባዕተ ጸወታታት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተኻዪዱ። ኣብዚ ውድድር ጋንታታት ቀይሕባሕሪ፡ ኣዱሊስን ኩባንያ ሰምበልን ኣብ ልዕሊ መጋጥምተን ክዕወታ ከለዋ፡ ኣልታሕረርን ጉዳይፍ ድማ ማዕረ ተፈላልየን።

ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ. ፈለማ ናብ ሜዳ ዘምርሓ፡ ቀይሕባሕሪ ምስ ኣስመራ በራ እየን። ጸወታ ምስ ተጀመረ ድሕሪ ሽዱሽተ ደቓይቕ፡ ኣስመራ በራ ካብ ሂኒባል ሚከኤል ብዘረኸበታ ሽቶ 1-ብ0 መሪሕነት ሒዛትኛ። ሽቶ ከይተወሰኸ ድማ ግዜ ዕረፍቲ ኣኺሉ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ቀይሕባሕሪ ኣብ 69 ደቓይቕ ተቐይሩ ካብ ዝኣተወ ኣቤል ተኽለዝጊ ሽቶ ብምምዝጋብ 1-ብ1 ኮና። ቀይሕባሕሪ ሽቶ ድሕሪ ምምዝጋብ መጥቃዕታ ዝያዳ ኣሐየለት። ኣብ 73 ደቒቕ ካብ ቤንሆር ጠዐመ ብዘረኸበታ ሽቶ ድማ 2-ብ1 መሪሕነት ሒዛትኛ። ኣብ መበል 76 ደቒቕ እውን ድሕሪ ዕረፍቲ ተቐይሩ ካብ ዝኣተወ ሰምኦን ኣ ስ መ ላ ሽ ሳልሰይቲ ሽቶ ብምምዝጋብ መ ሪ ሕ ነ ታ ኣደልደለት። 90 ደቒቕ ተ ዛ ዚ ሙ ተወሳኺ ግዜ ምስ ተወሃበ፡ ኣስመራ በራ ኣብ ሓደ ደቒቕ ሽቶ ብምምዝጋብ ውጽኢት 3-ብ2 ኮነ። ቀይሕ ባ ሕ ሪ ’ ው ን ኣይተሓመቐትን፡ ካብ ሰምኦን ኣስመላሽን ኣቤል ወልደሰሉስን ክልተ ሽቶ ብምውሳኽ 5-ብ2 ብዘኾነ ውጽኢት ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻወታይ፡ ካብ ቀይሕባሕሪ ቤንሆር ጠዐመ ተረቝሒ።







ቀጺለን ፓራዲዞ ምስ ኣዱሊስ እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ኣዱሊስ ብ12 ነጥቢ ናይ ሻምናይ ደረጃ ሒዛ እያ ኣትያ። ኣብ ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ ኣብ 54ን 85ን ደቓይቕ ተመሳሳሊ ክፍለን ተማኸ ሰዩምን ብዘመዝገቡወን ሽቶታት 2-ብ0 ተዓዊታ ወጺኣ። ዓድል መሓመድ ካብ ኣዱሊስ ብሉጽ ተጻወታይ ናይ’ዚ ግጥም ተባሂሉ።

ሰዓት ክልተ ድ.ቀ ዝቐጸለ ሳልሳይ ግጥም፡ ክንፈ (ሓይሊ ኣየር) ምስ ኩባንያ ሰንጸይቲን ሓጺንን ሰምበል እዩ። ሰምበል ንሳልሳይ ደረጃ፡ ክንፈ ድማ ንሓሙሻይ ደረጃ ምስ ማይተማናይ ክትመዓራረ ሓሊነን እየን ኣትየን። ኣብ መንጎአን ድማ ሓያል ተወዳዳርነት እንተርኣየ ቀድሚ ዕረፍቲ ዝተመዝገበ ሽቶ ኣይነበረን። ድሕሪ ዕረፍቲ እውን ኩባንያ ሰምበል ኣብ መበል 50 ደቒቕ ካብ ያፌት ፍስሃየ ብዘረኸበታ እኽሊ ሽቶ እያ ተዓዊታ። ክንፈ ከዐወታኣ ዝኽእላ ዝነበራ ክልተ ወዱኣት ከዓሳሉ ኣጠኒና እያ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይ’ዚ ግጥም ድማ ካብ ሰምበል ያፌት ፍስሃየ ኮነ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣልታሕረር ምስ ጉዳይፍ ተራኺቡ። ኣብ ቀዳማይ እብረ፡ ብዙሕ ናይ ሽቶ ፈተነታት ኣይተራእየን። ድሕሪ ዕረፍቲ እውን ክልቲአን ጋንታታት መሪሕነት ክትሕዛአን ዝኽእላ ከዓሳሉ ረኺበን እኳ እንተነበራ፡ ክጥቀማሉ ግን ኣይከኣላን። እቲ ግጥም ድማ 0-ብ0 ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይ’ዚ ግጥም ካብ ጉዳይፍ ሓላዊ ልዳት ናኣድ ግርማጼየን ኮይኑ።

ብሰሉስ ሓንቲ ጸወታ ጥራይ፡ ማለት ኣብ መንጎ ደንደንን ማይተመናይን እያ ተኻዪዳ። ጋንታ ደንደን ድማ፡ ሴም መድሕንን ቢንያም ግርማይን ብዘመዝገቡወን ሽቶታት 2-ብ0 ተዓዊታ። ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ሴም መድሕን ተሰምዩ።

እዘን ጋንታታት፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዘተኻየደ 14 ግጥማት፡ ቀዳመይቲ ደንደን ብ42 ነጥቢ፡ ካልኣይቲ ቀይሕባሕሪ ብ 33 ነጥቢ፡ ሳልሰይቲ ኣልታሕረር ብ24 ነጥቢ፡ ራብዐይቲ ኩ/ሰምበል ብ24 ነጥቢ፡ ሓሙሻይቲ ማይተመናይ ብ17 ነጥቢ፡ ሻዱሻይቲ ኣዱሊስ ብ15 ነጥቢ፡ ሻውዐይቲ ኣስመራ-በራ ብ14 ነጥቢ፡ ሻምናይቲ ክንፈ ብ14 ነጥቢ፡ ታሽዐይቲ ጉዳይፍ ብ11 ነጥቢ፡ ዓስረይቲ ፓራዲዞ ብ3 ነጥቢ ተሰሪዐን ኣለዋ።

## ቅነ - ስፖርት ተመሃሮ ዞባ ማእከል ይካየድ ኣሎ

ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምትሕብባር፡ ብሓሙስ 24 ሚያዝያ ጀሚሩ።

ካብ ሓሙስ ጀሚሩ ኣብ ሜዳ ካልኣይ ደረጃ ቤ/ትምህርቲ ቀ/ባሕሪ ብኽልቲኡ ጾታ ናይ መጀመርታን ማእከላይን ደረጃ ግጥማት ኣብ ተኒስ ባይታ፡ ተኒስ ሰደቓ፡ ባድሚንተን፡ ቼስ፡ ኵዕሶ እግሪ፡ መርገቢ ሰከበት፡ ማውንቴን ባይክ፡ ኣትሌቲክስን ያታዊ ውድድርን ይካየድ ኣሎ።

ኣብ ኵዕሶ እግሪ ናይ ደረጃን ናይ ዋንጫን ግጥማት ተኻዪዱ። ኣብቲ ተማሂሮን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ዕለት፡ ኣብ ግጥማት ናይ መጀመርታ ቤ/ት ኵዕሶ እግሪ ደ/ኣ ዕድመ 10ን11ን ቀዳመይቲ ን/ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ካልኣይቲ ን/ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ፡ ሳልሰይቲ ን/ዞ ሰሜናዊ ምብራቕ ብምኻን ተዓዊተን። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ኵ/እግሪ ደ/ተ ቀዳመይቲ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ካልኣይቲ ን/ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ፡ ሳልሰይቲ ን/ዞባ በርኽ ኮይነን። ናይ ማእከላይ ደረጃ ኵ/እግሪ ደ/ኣ ዕድመ 12ን13ን ቀዳመይቲ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ካልኣይቲ ን/ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ብምኻን ተዓወታ። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ኵ/እግሪ ደ/ተ ቀዳመይቲ ን/ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ካልኣይቲ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ሳልሰይቲ ን/ዞ ሰሜናዊ ምዕራብ ኮይነን።

ኣብ ውድድር ኵ/መርገብ ደ/ኣንስትዮ ቀዳመይቲ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ካልኣይቲ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ሳልሳይቲ ን/ዞ ደቡባዊ ምብራቕ ብምኻን ቀዳሞት ሰለስተ ኮይነን። ብተመሳሳሊ ኣብ ውድድር ኵ/መርገብ ደ/ተባዕትዮ ቀዳመይቲ ን/ዞባ ቀዳማይ ሰረጀቓ፡ ካልኣይቲ ን/ዞባ ጋሕተሌ፡ ሳልሰይቲ ን/ዞ ሰሜናዊ ምዕራብ እየን።

ኣብ ውድድር ኵዕሶ ሰከበት ደ/ኣ ቀዳመይቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ካልኣይቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ሳልሰይቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ኮይነን። ኣብ ናይ ደ/ተ ድማ ቀዳመይቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ካልኣይቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ፡ ሳልሰይቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ብምኻን ዝተዓወታ ዋንጫን መዳልያን ምስ ሰርቲፊኬት ካብ ሓለፍቲ ጨናፍር ናይቲ ሚኒስትሪ ሽልማተን ተዓዲለን። ሎሚ (ቀዳም) እውን ብናይ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ውድድራት ክቕጽል’ዩ።

ሎሚ ዓመት ኣስታት 13 ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ስፖርታውያን ተመሃሮ ኣብ 12 ዓይነታት ስፖርት ይሳተፉ ምህላዎም ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።




## ቴሪ ኦንሪ ካሰልጣኒ ጀርመናዊት ክለብ . . .

ወሩይ ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ ቴሪ ኦንሪ፡ ንጀርመናዊት ክለብ ኣርቢ ላይብዚግ ንኸሰልጥን ብዘቐረብሉ ጸውዒት ኣብ ምዝርራብ ደርኪቡ።

ስፖርት ብሮድካስተር ከምኡ’ውን ኣሰልጣኒ ዝተፈላለያ ክለባት ኮይኑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ነበር ቴሪ ኦንሪ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ትሕቲ 21 ዓመት መሪሑ ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ተዓዊቱ ብሩር መዳልያ ድሕሪ ምኻኑ፡ ምስልጣን ኣቋሪጹ ኣሉ ከምዝጸንሐ ይፍለጥ። ኣቐዲሙ ንኤይ ኤስ ሞናኮን ሰኤፍ ሞንትርያልን ከም ዘሰልጠነን ይዝከር።




እዛ ኣብ ሰሌዳ ቡንደ ሊጋ፡ 15 ነጥቢ ሒዛ ድሕሪ ለቨርኩሰን ኣብ ራብዓይ ተርታ ተሰሪዓ ትርከብ ክለብ፡ ኣብ ሸሞንተ ጸወታታት ቡንደስሊጋ ሓንቲ ዓወት ጥራይ እያ ኣመዝጊባ። ዚ ሃጓፉት ንምምላእ ድማ፡ ኣብ ንኣሸቱን ብሉጻትን ተጻወትቲ ብምትኳር ብሉጽ ዓወት ከመዝግበሉ ይኽእል’ዩ ብምባል ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ንኦንሪ ከተምጽኦ ዓይና ኣውዲቓትሉ ትርከብ።

እዚ ብቁጽሪ 14 ማልያ ዝለለ ሓሊቓ ጋንታ ኣርሰናል ነበር፡ ክልተ ጸዋእ ፕሪመርሊግ (2001-02፡ 2003-04)፡ ሰለስተ ጸዋእ ኤፍኤ ካፕ (2002፡ 2003፡ 2005) ዘልዓለ ተጻዋታይ እዩ። ድሕሪ እዚ፡ ንባርሴሎና ድማ 49 ሽቶታት ብምምዝጋብ ተዓዊቱ ጸዋእ ላሊጋ፡ ኮፓ ደል ረይ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ስፓኒሽ ሱፐር ካፕን ሱፐር ካፕን ክትከውን ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ።

ከም ሳዕለዋይ ኣማኻሪ ናይ’ተን ብሬድ ቡል ዝውንና ክለባት ኮይኑ ኣብ ምዕያይ ዝርከብ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ነበር የርገን ክሎፕ፡ ዚ ናይ ኣርቢ ላይብዚግ ሓሳብ ደጊፉዎ ኣሎ።

## ሓበሬታ ካብ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ማኪናን ሞተር ብሽክለታን

ንክልኸም ኣፍቀርቲ ቅድድም መኪናን ሞተር ብሽክለታን፡ ንሰንበት 27 ሚያዝያ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ. ጀሚሩ ኣብቲ ልሙድ መወዳደሪ ቦታ ቤት-ገርግሽ(ጅምካና) ብኹሉ ካታጎሪ ዝተለኽዐ ውድድር ተሰሪዑ ከምዘሎ ንሕብር።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ዋንጫ ናጽነት (ደቂ ኣንስትዮ)**

ኩባንያ ሰገን - ገጀረት 2:00 ድ.ቀ.

ኢንሹራንስ - ደንደን 4:00 ድ.ቀ.

**ሻምፕዮን ኵዕሶ መርገቢ ዞባ ማእከል**

ሓይሊ ኣየር - ሰራት 8:00 ቅ.ቀ.

**(ደቂ ኣንስትዮ)**

ዓንበርበብ - ተስፋ 9:00 ቅ.ቀ. (ደቂ ተባዕትዮ)

ኣረብ - ሰላም 10:00 ቅ.ቀ. (ደቂ ተባዕትዮ)

**ፕሪመር ሊግ**

ቸልሲ - ኤቨርተን 2:30 ድ.ቀ.

ዎልቭስ - ሌስተር ሲቲ 5:00 ድ.ቀ.

ኒውካስል - ኢፕስዊች ታውን 5:00 ድ.ቀ.

ብራይተን - ዌስትሃም 5:00 ድ.ቀ.

ሳውዝሃምፕተን - ፉልሃም 5:00 ድ.ቀ.

**ፍርቂ ፍጻመ ኤፍኤ ካፕ**

ክሪስታል ፓላስ - ኣስቶን ቪላ 7:15 ድ.ቀ.

**ሰንበት**

**ሻምፕዮን ኵዕሶ መርገቢ ዞባ ማእከል**

ካብ ሰዓት 1:00 ድ.ቀ.

ናትና - ሳሊና (ደ/ኣ)

ድያእ - ከሰማ (ደ/ተ)

ዕዳጋ ሓሙስ - ባሕቲ መስከረም (ደ/ተ)

ጋሕተሊ - ክንፈ (ደ/ተ)

**ፕሪመር ሊግ**

ቦርንማውዝ - ማንቸስተር ዩናይትድ 4:00 ድ.ቀ.

ሊቨርፑል - ቶተንሃም 6:30 ድ.ቀ.

**ፍርቂ ፍጻመ ኤፍኤ ካፕ**

ማንቸስተር ዩናይትድ - ኖቲንግሃም ፎረስት 6:30 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያ፡ ኣብ ጉዳይ ዩክሬን ምስ ኣመሪካ ንምስምማዕ ድልዉነታ ተረጋግጽ

ፌደረሽን ሩሲያን ኣመራሓ፡ ኩናት ዩክሬን ከበቕዕ ኣብ ዝዅበር ስምምዕ ንምብጻሕ፡ ተሰፋ ናብ ዝህብ ኣንፈት ደስበማ ምህላወ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌይ ላቭሮቭ፡ ብቐደሚ ትማሊ ሓሙስ ምስ ማዕከን ዜና ሲ.ቢ.ኤስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ገሊጹ።



ሰቡማዚ ኣመራሓን ዩክሬንን ነቲ ኣብ መንጎ ፌደረሽን ሩሲያን ዩክሬንን ዝቐጸል ዘሎ ደማዊ ኩናት ብሰላም ንምዕራፍ ዝሕግዝ እማመ ንምድላው፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ተጸሚዶም ምህላዎም ድማ፡ ሰርጌይ ላቭሮቭ ወሲኹ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ መራሒ ዩክሬን ቮሎዶሚር ዘለንስኪ ኣገደስቲ ኣብ ዝበዝሑ ነጥብታት እቲ እማመ ሰላም ብዘይምስምማዑ፡ ነቲ ዋሺንግተን ኣብ መንጎ ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ሰላም ንምስፋን እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ብኣሉታ ይጸልዎ ምህላዉ ወቒሱ።

ሰበስልጣን ሩሲያ ብወገኖም፡ እቲ ዝዳሎ ዘሎ እማመ ሰላም፡ ንግዝኣታት ሩሲያ ወግዓዊ ኣፍልጦ ዝህብ፡ ወተሃደራውያን ሓይልታት ኔቶ ምስ ተሕተ-ቅርጽታቶም ከኣ ኣብ መሬት ዩክሬን ክህልዉ ክምዘይብሎም ዝገልጽን ነጥብታት ዘጠቓለለ ክኸውን ከም ዘለዎ ሓቢሮም ኣለዉ።

ላቭሮቭ፡ ትራምፕ ናብቲ ዝድለ ዘሎ ስምምዕ ሰላም ንምብጻሕ፡ ነቲ ጠንቂ ምፍሳስ ደም ኮይኑ ዘሎ ሰር ምርኣይን መፍትሒታት ምቕማጥን ከም ዘድሊ ዘስተብሃለ እንኮ መራሒ ክኸውን ከም ዝኽእል ብምጥቃስ፡ እዚ ከኣ እቲ መስርሕ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ንኸምርሕ ሓጊዙዎ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ትራምፕን ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮን፡ ዋሺንግተን ንኩናት ዩክሬን ኣብ ቀረባ እዋን ብሰላም ንምፍታሕ እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ምዕባለ እንተ ዘይኣርእዩ፡ ኣመሪካ ንኻልእ ቀዳምነታታ ኣተኩሮ ክትህብ ምዃና ኣጠንቂቖም።

## ስነ-ስርዓት ቀብሪ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንሲስ ሎሚ ክፍጸም እዩ

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ብጹእ ወ ቅዱስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንሲስ፡ ሎሚ ቀዳም ኣብ ኣደባባይ ቅዱስ ጴጥሮስ ክፍጸም ምዃኑ ተሓቢሩ።



ኣብቲ ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ መራሕቲ ሃገራት ዓለም ዝርከብዎም ልዕሊ 200 ሽሕ ሰባት ክሳተፉ ትጽቢት ኣሎ።

ብዘውሰኾ፡ ኣብ እዋን'ቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ጸጥታ ዘኸብሩ ልዕሊ 2 ሽሕ ኣባላት ፖሊስ ክዋፈሩ ምዃኖም ተገሊጹ።

ድሕሪ'ቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ፡ ኣስከሬን ብጹእ ወ ቅዱስ ጳጳስ ፍራንሲስ፡ ብመሰረት ለበዋኦም ኣብ ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ሻቲካን ሓመድ ኣዳም ክለብስ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ብጹእ ወ ቅዱስ ጳጳስ ፍራንሲስ፡ ብሕማም ኒሞንያ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ'ዮም ዝሓለፈ ሰኑይ ብዝጋጠሞም ወቕዒ ኣብ መበል 88 ዓመቶም ዓሪፎም።

ካብ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣትሒዙ ከኣ፡ ሬሳኦም ኣብ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ጴጥሮስ ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ከም ዝቐየ፡ ብዓሰርተታት ሽሕ ዝግመቱ ኣመንቲ ድማ እናተመላለሱ ሓዘኖም ከም ዝገለጹን ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

## ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ ትካላት መንግስቲ ሶርያ ዘንበረቶ እገዳ ኣልዒላ

ብሪጣንያ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ 12 ትካላት መንግስቲ ሶርያ ኣንቢራቶ ዝጸንሐት እገዳ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ከም ዘልዓለቶ ተሓቢሩ።

እቶም ሚኒስትሪ ምክልኻልን ወሽጣዊ ጉዳያትን ሓፈሻዊ ዳይረክቶሬት ስለያን ዝርከብዎም ካብ ዝርዝር እገዳ ዝተኣልዩ ትካላት መንግስቲ፡ ድሕሪ ደገም ርእሱ ማለም ክንቀሳቐስዎ ከም ዝኽእሉ፡ ሰቡ-ማዚ ብሪጣንያ ገሊጾም።



ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት'ውን፡ መንግስቲ ብሪጣንያ ንማእከላይ ባንኪ፡ ንጉዳውያን ባንክታትን ኩባንያታት ነዳድን ዝርከብዎም 23 ትካላት መንግስቲ ሶርያ ካብ ዝርዝር እገዳ ከም ዝኣለየቶም ምንጭታት ይጠቕሱ።

ሓድሽ መንግስቲ ሶርያ፡ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ኣጽዲቐንኦ ዘለዋ እገዳታት ክለዓል ብዙተደጋጋሚ ክጠልብ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ኣብ ምጅማር ናይ'ዚ ዓመት'ዚ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ኣሳድ ኣል-ሸባኒ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታርመር ብቴሌቪዥን ኣብ ዝገበሮ ዕላል፡ ሶርያ ካብ ስርዓት ባሻር ኣል-ኣሳድ ንዝወረሰቶ ጸገማት ክትገጥሞ እንተደኣ ኮይና፡ ምዕራባውያን ሃገራት ነቲ ኣብ ልዕሊኣ ዘጽደቓኦ ማዕቀባት ክልዕሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ሓደ ኣብ ሶርያ ዑደት ዘካየደ ብዓል ስልጣን ሕቡራት ሃገራት፡ ሶርያ እገዳ ምዕራባውያን ክለዓላ ከይተጸበየት ንዘዋፀት ቁጠባኣ ናይ ምሕዋይ መስርሕ ክትጅምር ጸዊዑ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሶርያ በቲ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ናህሪ ዕቤት ናብቲ ቅድሚ ኩናት ዝነበራ ቁጠባዊ ደረጃ ክትምለስ እንተ ደኣ ኮይና፡ ልዕሊ 50 ዓመታት ክወስዳላ ስለ ዝኽእል፡ መስርሕ ዕቤት ቁጠባኣ ንምቅልጣፍ ሰፊሕ ወፍሪ የድልያ ኣሎ።

## ህንዲ፡ ዜጋታት ፓኪስታን ብጃምላ ክስጐጉ ኣዚዛ

መንግስቲ ህንዲ፡ ቪዛ ኣብታ ሃገር ናይ ዝርከቡ ዜጋታት ፓኪስታን ብምስራዙ፡ ክሳብ 27 ሚያዝያ ኣብ ዘሎ ግዜ ጠቕሊሎም ክወጹ ኣዚዙ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ናይ ምሳዓዓ ስጉምቲ እንተላይ ኑቶም ንሕክምና ኢሎም ናብ ህንዲ ዝኣተዉ ዜጋታት ፓኪስታን ከም ዝምልከት ብምሕባር፡ ሕክምናዊ ቪዛኦም ክሳብ 29 ሚያዝያ ጥራይ ከም ዘገልግል ወሲኹ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣሰዒቡ፡ ዜጋታት ህንዲ እውን ናብ ፓኪስታን ከይገሹ ድሕሪ ምምካር፡ ኣብ ፓኪስታን ዘለዉ ህንዳውያን ብዝቐልጠፈ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣተሓሳሲቡ።

እቲ መንግስቲ'ዚ ስጉምቲ ዝወሰደ ዘሎ፡ ድሕሪ'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ ዝመርሖ ኮሚተ ጸጥታ ካቢነ ሚኒስተራት ኣኼባ ምክያዱ እዩ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ምስጓግ ኣብ ህንዲ ዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታት ፓኪስታን፡ ምዕጻው ንኽልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ዘራኽብ ዶብ 'ኣታራዋጋህ' ከምኡ ድማ ምውንዛፍ ናይቲ ህንዲ ኣብ 1960 ምስ ፓኪስታን ዝኸተመቶ ፍሉይ ውዕል ምክፍፋል ማይ 'ሬለግ ኢንዱስ' ዝብሉ ነጥብታት ተማቢረውያን ክኸኡ ውሳኔ ከም ዝሓለፈ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

መንግስቲ ፓኪስታን'ውን ሃገሩ ነቲ ብመንግስቲ ህንዲ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምትታት ተመጣጣኒ ምላሽ ክትህቡ ምዃና ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣብ ፓኪስታን ምስ ዝመደቦ 'ላሽካር-ኢ-ታባይ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ጥሩፍ ጉጅለ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝእመነሉ 'ግንባር ተቓውሞ' ዝተባህለ ግብረሽበራዊ ጉጅለ፡ ነቲ ህይወት 26 በጻሕቲ ዝለከመን ካልኦት ዓሰርተታት በጻሕቲ ዘቑሰለን መጥቃዕቲ ሓላፍነት ወሲዱሉ ኣሎ።

ናሬንድራ ሞዲ ኣብ ቢሃር ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደገፍ ሰልፊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፍትሒ ንምርካብ ሃገሩ ኣድላዪ ጻዕርታት ከተካይድ ምዃና ሓቢሩ።

ህንዲ፡ ኣብ ወሽጢ ዶባታ ክፍጸም ዝጸንሐ ግብረሽበራዊ ተግባራት ብፓኪስታን ከምወልን ክድገፍን ምጽንሑ እያ ብዙተደጋጋሚ ትኸስስ።



## ሑቲ፡ ብርክት ዝበላ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ውግእ ኣመሪካ ወቒዑ

ኣብ የመን ዝመደበሩ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰሙናት ጥራሕ ልዕሊ 200 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኦን 7 ዝተራቐቓ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ኣመሪካ ወቒዑ ከም ዘውደቐ፡ ኣገልግሎት ዜና 'ኣሶሽየት ፕረስ'፡ ስሞም ክይጠቕስዎ ሰበስልጣን ምክልኻል ኣመሪካ ብምጥቃስ ሓቢሩ።

እቶም ሰበስልጣን፡ እተን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ኣብ ልዕሊ ዕላማታት እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ክትትል እናገበራን መጥቃዕቲ እናፍደዳን ከለዋ ከም ዝተሃርማ ገሊጾም።

ብኢራን ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ ሑቲ፡ እስራኤል ነቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ክሳብ ዘቋረጸቶ፡ ኣብ ልዕሊ እተን ብማያት ቀይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ ንግዳውያን መራኽብ እስራኤል፡ ኣመሪካን ካልኦት ምስ እስራኤል ዝደናገጻ ሃገራት ምዕራብን ዝዥበር ዘሎ መጥቃዕትታት ክሓይሎ ምዃኑ እዩ ዘጠንቀቐ ዘሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ | 26/04/2025 | ጎደና ሰኾይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services